# ሓዳስ ኤርትራ

መበል 33 ዓመት ቁ.288 | ሓሙስ 1 ነሓሰ 2024 | ገጻት 8 ዋጋ 2.00 ናቕፋ



ገጽ 2
ጥቡቕ ዝምድና ዝማእከሉ ብሉጽ


ገጽ 3
ሕብረተሰባት ካበይ ናበይ ብኸመይ?


ገጽ 4
ወለንታውነት


ገጽ 5
ወግዒ 'ማዓሳ'


ገጽ 7
ደሃይ ኦሎምፒክ ፓሪስ 2024



## ማእከል - ተመሃሮ ኣባላት መበል 37 ዙርያ ሃ/ኣገልግሎት ሳዋ ወሪዶም

ናይ 11 ክፍሊ ትምህርቶም ክኸታተሉ ዝሓለፉ ተመሃሮ ዞባ ማእከል፡ ናይ 12 ክፍሊ ኣካዳሚያዊ ትምህርቶም ንምዝዛዝምን ኣብ መበል 37 ዙርያ ሃገራዊ ኣገልግሎት ግቡኦም ንምፍጻምን ናብ ሳዋ ወሪዶም።

እዞም ብኣሊዩቶም ተሰኒዶም ብ30 ሓምለ ኣብ ቅድሚ እብረ ናብ ማእከል ትምህርትን ስልጠናን ሳዋ ዝወረዱ ተመሃሮ፡ ካብ 15 ኣብያተ-ትምህርቲ ዝመጹ 4,612 ኮይኖም፡ 59 ሚእታዊት ካብኦቶም ደቀንስትዮ እዮም።

ኣብ ዝተበገሱሉ እዋን ዝምልከቶም ኣካላት መንግስትን ብኣሽሓት ዝቝጸሩ ህዝብን ኣፋንዮምዎም።

እቶም ተመሃሮ፡ ኣብ ትምህርቶምን ሃገራዊ ግቡኦምን ብኣቡኦት ዝጥቀስ ወጽኢት ንምምዝጋብ ዘለዎም ድልውነት ኣረጋጊጾም።

ኣብ ካልኣይ እብረ ዝወርዱ 4,385 ተመሃሮ ናይ 7 ካልኣይ ደረጃ ኣብያተ-ትምህርቲ ድማ፡ ዝመጽኡ ቀዳም 3 ነሓሰ ክበገሱ እዮም።

ተመሃሮ 11 ክፍሊ ዞባታት ደቡባዊ ቀይሕ ባሕሪ፡ ጋሽ-ባርካ፡ ደቡብ፡ ሰሜናዊ ቀይሕ ባሕርን ዓንሰባን - ኣቐዲሞም ወሪዶም እዮም።



## ዓንሰባ - ሕማም ዓሶ ንምጥፋእ ብውህደት ክስራሕ ሰብ-ሞያ ጥዕና ኣዘኻኺሮም

ኣብ ዞባ ዓንሰባ፡ ሕማም ዓሶ ኣብ ደረጃ እልየትኡ በጺሑ እንተሎ፡ ንምጥፋኡ ዝያዳ ጻዕርን ወህደትን ከምዘድሊ - ጨንፈር ሚኒስትሪ ጥዕና ኣገንዚቡ።

ሓላፊ ኣሃዱ ምክልኻል ሕማም ዓሶ ኣብቲ ዞባ ኣቶ ከርስ ሰረቐ፡ ሚኒስትሪ ጥዕና ምስ መሻርኽቱ ብምትሕብባር፡ ድሕሪ 20 ዓመት ንሕማም ዓሶ ካብ መድረኽ ምቁጽጻር ናብ ደረጃ እልየት ከበጽሖ ምኽኣሉ ዝማስን ስራሕ ከምዝዐበረ ብምጥቃስ፡ ብመሰረት ስትራተጂያዊ ወጥን ጥዕና - ክሳብ 2026 ናብ ዜሮ ንምውራዱ ደስራሕ ከምዝሎ ገሊጹ።

ንተራ ወከልቲ ጥዕና ዓዲ ኣብ ምቁጽጻር ሕማም ዓሶ ዝኣደ ኣቶ ከርስ፡ ህዝቢ - ጣንጡ ዝራብሓሉ ቦታታት ብወፈራ ክደፍኖን ጽሬት ኣባቢ ክዐውትርን ተላቢዩ።

ኣባል ህዝባዊ ጥዕና ኣቶ ኣማኑኤል ክፍለማርያም ብወገኑ፡ ኣብ ዝሓለፈ ዓመት፡ ክሰተት ሓዲሽ ጣንጡ፡ ናመሲዖ ኣብ ግዜኡ ዘይምዕዋል፡ ሸለልትነት ኣብ ኣከባብያዊ ጽሬት - ገለ ካብ ቀንዲ ጠንቂታት ንምዝያድ መልከፍቲ ከምዝዐበረ ሓቢሩ።

ልዕሊ 24 ሰዓት ዝጸንሐ ረስኒ ዝተሰምዖ ሰብ - ብዘቐልጠፈ ናብ መደበር ጥዕና ክቐርብ ድማ ተላቢዩ።

## ትካል 'ኤሪኢኮፕ' ንክልተ ዓመት ዘሰልጠኖም ቴክኒሻናት ኣመሪቑ

ትካል 'ኤሪኢኮፕ'፡ ብመሰረት ካርክለም ኩባንያ ማሽነሪ 'ካተርፒላር' - ንኣስታት ክልተ ዓመት ብውሽጣዊ ዓቕሙ ዘሰልጠኖም 29 ቴክኒሻናት ኣባላቱ፡ ብ29 ሓምለ ኣመሪቑ።

እቲ ትካል ካብ ዝቘመሉ ንኣባላቱ ን18 ግዜ፡ ንመሻርኽቱ ትካላት ድማ 3 ግዜ ስልጠና ሞያ ቴክኒክ ከምዝሃበ ዝሓበረ ዋና ኣካያዲ ስራሕ ኣቶ ኣሸብር ኣርኣያ፡ ንዝተፈላለየ ትካላት እውን ንኦፕሬተራት ማሽነሪን ተክኒሻናት ጀነሬተራትን ብክልሱ ሓሳባትን ብግብርን ስልጠናታት ከምዝሃበ ገሊጹ።

እቲ ኣብ ሰለስተ ክፋላት ዝውሃብ ሞያዊ ስልጠና፡ ብኽምኡ ንሰለስተ ዓመታት ዝቐጽል ኮይኑ፡ ሰልጠንቲ ዝምረቑሉ ዘለዉ እቲ ቀዳማይ ክፋል ከምዝኾነ ጠቒሱ ድማ፡ ኣብ ዝቐጽል እዋን እቲ ካልኣይን ሳልሳይን ክፋላት ከምዝወሃብ ሓቢሩ።

ዝቐሰምዎ ትምህርቲ መጽኢታውን መሰረታውን ምዃኑ ዝገለጸ ወከል ሰልጠንቲ ብወገኑ፡ ኣብ መጻኢ ብደረጃኡ ካብዚ ቀዳማይ ዝበርኸ ስልጠና ክውሃቦም ተላቢዩ።

ኣብ ክፍሊ ቴክኒካውን ሞያውን ትምህርትን ስልጠናን ሚኒስትሪ ትምህርቲ ሓላፊ ጨንፈር ምክትታልን ምርግጋጽን ብቕዓት ትምህርቲ ኣቶ መዓሾ ጉብረትንሳኤ፡ ሰልጠንቲ ዝቐሰምዎ ፍልጠት ብግብራዊ ዕዮ ክድርዕዎን ፍልጠቶም ናብ ካልኦት ኣባላት ከሰጋግርዎን ኣዘኻኺሩ።

ትካል 'ኤሪኢኮፕ'፡ ከበድቲ ማሽነራታት ህንጻን ዕደናን ናይ ዘፍሪ ኩባንያ 'ካተርፒላር' ወኪል ኣብ ኤርትራ እዩ።



## ተጋዳላይ ታረቀ ኣስፍሃ ተሰዊኡ

ኣብ ምምሕዳር ዞባ ጋሽ-ባርካ - ኣካያዲ ስራሕ ንኡስ ዞባ ዝነበረ ጉዱም ተጋዳላይ ታረቀ ኣስፍሃ ገብረያሱስ፡ ብ29 ሓምለ ኣብ መበል 77 ዓመት ዕድሚኡ ብሕማም ተሰዊኡ።

ኣብ ወርሒ ለካቲት 1975 ኣብ ህዝባዊ ሓይልታት ሓርነት ኤርትራ ዝተሰለፈ ተጋዳላይ ታረቀ፡ ኣብ ግዜ ቃልሲ ንናጽነት ኣብ ተዋጋኢ ሰራዊት፡ ክፍሊ ህዝባዊ ምምሕዳርን ማሕበር ረድኤት ኤርትራን ብዝተፈላለየ ጽፍሒታት ሓላፍነት፣ ድሕሪ ናጽነት ድማ፡ ኣብ ሚኒስትሪ ዞባዊ ምምሕዳራት - ኣብ ንኡሳን ዞባታት ድጉ፡ ላዕላይ-ጋሽ፡ ሞልቀን ጎኘን ኣካያዲ ስራሕ ኮይኑ ንሃገሩን ህዝቡን ብተወፋይነት ዘገልገለ ሓርበኛ እዩ።



ስውእ ታረቀ ኣስፍሃ፡ በዓል ሓዳርን ኣቦ ሰለስተ ደቂን እዩ።

ስነ-ስርዓት ቀብሩ፡ ብ30 ሓምለ 2024 ፍርቂ-መዓልቲ ኣብ መካነ-መቓብር ሓርበኛታት ኣስመራ ተፈጺሙ።

ሚኒስትሪ ዞባዊ ምምሕዳራት፡ ብመሰዋእቲ ኣባሉ - ጉዱም ተጋዳላይ ታረቀ ኣስፍሃ ዝተሰምዖ ሓዘን እናገለጸ፡ ንስድራቤቱ፡ መቓልስቱን መሳርሕቱን ጽንዓት ተመንዩ።

# ፍኖት

ዳህላክ ነጋሲ

## ጥቡቕ ዝምድና ዝማእከሉ ብሉጽ ውጽኢት

ትምህርቲ መኻልል ዓውት እዩ። ኣብ ህይወት ክትብጽሖ ንእትደሊ ደረጃ ዕብየት ንኽትጭብጥ፡ ትምህርቲ እቲ እንኮ ውሑስ መንገዲ እዩ። ብኣኡ መንጽር፡ ኣገዳስነቱ እምብዛ-መጠን ዕዙዝ ይገብሮ። ሕሉፍ ታሪኽ ከም ዘረጋገጾ ሓይሊ ትምህርቲ ንዓለም ብዘደንቕ ጥበብ ዝቐየረ እዩ። ከምኡ ድማ ኮይኑ ብእንተታት ዝምራሕን ዝምእዘንን ዝበረ ኣካይዳ ኩሉ ማሕበር ደቂ-ሰብ ብመርትዖ ኣሰንዩ ናብ ዝጭብጦ ሓቂ ዝለወጠ እዩ። እንሆ ከኣ ሎሚ፡ ንኸሎ መዳያዊ ማሕበር ሰብ ብመስተንክራዊ መንገዲ ለዊጡ፡ ፋሕ ኣብ ዝበለ ክፋላት ዓለም ንእንነብር ሕብረተሰብ ኣብ ሓደ ቅርዓት እናኣከበ ይርከብ። ኣብ ርእሲዚ፡ ትምህርቲ ንወሱንን ድሩትን ኣተሓሳስባ ሰብ ከም ዝፈትሕን ዝዕብን ብምግባር፡ ጽልዋኡ ክንዮ ውልቀ-ሰብ ናብ መላእ ሕብረተሰብ ክሰፍሕ ዝኽእል ሓይሊ ይውንን። እምበኣርከስ፡ ጥቕሚ ትምህርቲ እዚን እቲን ኢልካ ጸብጺብካ ስለዘይወዳእ፡ ኣብ ጥቕምና ክውዕሎ ከምዝለና ምዝኽኻር ጥራይ ኣኻሊ እዩ። ብዝይካዚ፡ ኩሉ ዜጋ ብማዕረ ክረፍሎ ዝግባእ ማሕበራዊ ኣገልግሎት ከም ምኳኑ መጠን፡ ኩሉ ደላዪ ፍልጠት ንምምእራሩን ንምጭባጡን ከይሰልከየ ወግሒ-ጸቢሒ ክጽዕር ኣለዎ።

ጥቕሚ ትምህርቲ ብውልቀ-ሰበ'ዩ ዝፍለም። ካብዚ ብምቕጻል፡ ቀሰ-በቐስ ወይ ብዘይምታዊ ኣሳጉማ ኣብ ስድራ-ቤት ዘንጸሮ ለውጢ እንታይ ከም ዝመስል ምዕያኑ ኣገዳሲ ይኸውን። ምኽንያቱ፡ ረቡሓ ትምህርቲ ኣብ ሕብረተሰብ፡ ድምር ውጽኢት ውልቀ-ሰባት ስለዝኾነ። ስለዚ፡ ኣገዳስነት ትምህርቲ ኣብ ውልቀ-ሰባት ንኽሰርጽ ኣሒዩልና እንተ ጸኒሉ፡ ኣብ መወዳእታ ብዝለዐለ ደረጃ ዘፅገብ ውጽኢቱ ክሕፈስ ይኽእል።

ዝኸበርኩም ኣንበብቲ ዓምዲ ፍኖት፡ ሎሚ ብዛዕባ ኣብ መንጎ መምህራንን ተመሃሮን ክህልው ዘለዎ ዝምድና ኣተኩርና ገለ ክንብል ኢና። ፍልጠት ዝሰፍሐ ምህሮ ኣካል ክትከውን ምሉእ ድሌት እንተለካ፡ ብቐዳምነት ምስቲ ከም ድልድል ብምኻኑ ምስ ፍልጠት ዘራኽበካ ኣካል ጥቡቕ ዝምድና ክትምስርት ይግባእ። ብትምህርቲ ኣብ ዝለዓለ ደረጃ ዝበጽሑ ሰባት፡ መምህራኖም ብሰላ ዘሰረጹሎም ፍልጠት'ዩም ክዕወቱ ክኢሎም። መምህር መራሒ ናይ ኩሉ መኣዝን ኮይኑ፡ ተመሃሮ ኣብ ማእኸሉ ተወጢሖም ምስታ ዘይተጋህደትሎም ዓለም ንኽላለዩን ክፋቐሩን ይደርኽ። ከምኡ'ውን መምህር ንመጻኢ ተመሃሮ ብዘመርጽዎ ቀለማት ዝስእል ቀባኢ እዩ።

ተመሃሮ ንፈለማ እዋን ኣእጋሮም ኣብ ደርጎኾት ቤት-ትምህርቲ ምስ ኣንበሩ፡ ኣብኡ ምስ ዝረኽብዎም መምህራኖምን መማህርቶምን ጥቡቕ ዝምድና ክምስርቱ ክቱር ድሌት ኣለዎም። እቲ ኮንት ካብ ዝሓለፈ መድረኽ ህይወቶም ዝተፈለየ ስለዝኾነ ከኣ፡ ምስ መምህራኖምን መዛኑኦምን ሓድሽ ዓለም ክፈጥሩ ይረኣዩ። ብፍላይ ምስ መምህራኖም፡ ዝተፈልየን ጸቡቕን ዝምድና ክህልዎም እቲ ብሃንቀውታ ዝጥምትዎን ሃረር ዝበልዎን እዩ። መምህራን ብወገኖም፡ ነዚ ኩሉ ተረዲኦምን ተገንዚቦምን፡ ንተማሃሮ ብፍሕሽው ገጽን ልዙብ መንገድን ናጽነት ከም ዝሰምዖም ኮይኖም ይቐርብዎም። ክልቲኦም ኣካላት (መምህራንን ተመሃሮን) ኣብ መንጎኦም ምቹእ ዝኾነ ቅርበት ምስ ዝምስርቱ፡ እቲ መምህር ባህሪ ተመሃሮኡ ንኽጽንዖን ንኽፈልጦን ይሕግዞ። ብመሰረት ኣብ መንጎኦም ዝህሉ ምቕርራብ፡ ተመሃሮ ዝኾነ ጸገም ምስ ዘጋጥሞም፡ ብቐዳምነት ሓገዝ ደልዮም ዝወከስዎ ኣካል መምህሮም እዩ። እዚ ኣብ መንጎ ክልቲኦም ኣካላት ልዑል ኣኽብሮት ዘለዎ ናይ ምብህሃል መድረኽ ንኽህሉ ይዕድም ጥራይ ዘይኮነ፡ እንተላይ ተመሃሮ ኣብ ትምህርቲ ዝያዳ ተገዳስነትን ኣድማዕነትን ከርእዩ ዝድርኾም ውሕሉል ሜላ እዩ።



ዝምድናን ምቕርራብን መምህርን ተመሃራይን ኣንጸርዚ ዝተጠቕሰ ምስ ዘኸውን፡ ክመሓላለፍ ዝግበኦ ፍልጠት ኣብ ግዜኡ ኣይወሃብን። ተማሃራይ ጽልኣት ኣብ ትምህርቲ የሕድር። ከም ሳዕቤኑ እቲ መማሃሪ ክፍሊ ነቲ ተማሃራይ ዘይቅረብ ዘሀርር ቦታ ኮይኑ ይስምዖ። ተማሃራይ ኣብ ልዕሊ መምህሩ ዝግበኦ ክብሪ ኣየመንጨ። ከምኡ'ድማ ኣብ ክፍሊ ብስነ-ምግባራዊ ኣገባብ ክምራሕ ዘሎ ተኽእሎ ትሕቲ ዜሮ ይኸውን። ብሰንኪዚ፡ እቲ ካብ መምህር ናብ ተማሃራይ ክሰጋገር ዝግበኦ ፍልጠት ከምቲ ዝድለ ስለዘይመሓላለፍ፡ መስርሕ ምምሃርን ምስትምሃርን ፍሹል ይኸውን። ስለዚ፡ ጸቡቕ ዝምድና መምህርን ተመሃሮን ሓደ ካብ ኣዕኑድ ዕዉት ኣገባብ ኣመሃህራ ብምዃኑ፡ ካብ ፈለማ ልዑል ቆላሕታ ክወሃቦ ይግባእ። ኣብዚ መዳይ ዝለዓለ ተራ ዝጻወት መምህር ኮይኑ፡ ኣብ ምድልዳል እቲ ርክብ ከይተሓለለ ክሰርሕ ኣለዎ። እምበኣርከስ፡ መምህር ብተማሃራይ ንዘንጸባርቕ ረብሓ፡ ዘይስነ-ምግባራዊ ኣካይዳን ዘይተገዳስነትን ኣብ ክንዲ ብመቕጻዕትን ምንጽርጻርን ክፈትሖ ዝፍትን፡ ልዑል ተጻዋርነት ብምግባር ነቲ ተማሃራይ ከም ዓርኩ ርእዩ ብቐሊዕ ጉዳዩ ንኽምርሽ ክሕግዞ ትዕግስቲ ክፃጥቕ ኣለዎ። መምህር፡ ንበሩህ መጻኢ ተማሃራይ፡ ቀያሲ ኣካል ከምዝኾነ ክዘንግዕ የብሉን።

መምህር ብዘተመኩሮን ብዘበቕዓትን ምስ ተመሃሮ ጸቡቕ ዝምድና ክምስርት ይኽእል። ነዚ ክልተ ባእታታት ክትውንን እንተኾኣልካ፡ እቲ ንበዙሓት ከየርጎ ዘጸግሞ ድልድል ከይትሰርሕ ዝግደስ የለን። ኣብ መንጎ መምህርን ተመሃሮን ዝምድና ክህልዉ ዝድለ ዘሎ ኣውራ ምኽንያት፡ ተመሃሮ ኣብ ክፍሊ ብግቡእ ትምህርቶም ንኽከታተሉ ከምኡ'ውን ዘይወዱ ፍልጠት ንኽጥዕሙ ስለዝድለ'ዩ። መምህር ኣብ መማሃሪ ክፍሊ "ንዓይ ጥራይ ስመዑኒ" ዝብል ምስ ዝኸውን ምናልባት ሕቶኡ ክስማዕ ዘለዎ ተኽእሎ ጸቢብ እዩ፡ እቲ ምንታይ ዋላ መምህር ቀያሲ ኣካል እንተኾኑ፡ እቲ መስርሕ ዕውት ዝኸውን ንኹሉም ዘሳተፈ ምስ ዝኸውን ስለዝኾኑ። መምህር፡ ተመሃሮኡ ሓሳባት ይኹን ሕቶ ከቕርቡ ዘይዕድም ምስ ዝኸውን፡ ፋይዳ ኣብ ዘይብሉ ሽንኮለል ይብል ብምህላው፡ ውጽኢቱ ምሒር ዘየዕግብ ይኸውን። ስለዚ፡ መምህር ተመሃሮ ንዘለዎም ዘቕርብዎም ሕቶ ብጽሞና ክሰምዖም፡ ብምሉእ ኣቓልቦ ክቕበሎም ይግባእ። እምበኣርከስ፡ መምህር ምስ ተመሃሮ ክምስርቶ ንዘድለ ዝምድና ዝሕግዙ ዛዕባታት ምስ እንምልከት፡-

### 1. ኣብ መምሃሪ ክፍሊ ምቹእ ኩነታት ምፍጣር

ኣብ ክፍሊ ምቹእ ኩነት ምፍጣር ብእተፈላለየ ኣገባብ ክረጋገጽ ይኽእል። እቲ ክፍሊ ብመምህር ጥራይ ክምራሕ የብሉን። እዚ ማለት፡ "ተማሃራይ ዝማእከለ" ምስ ዝኸውን፡ ተመሃሮ ብዓንኬላዊ ኣገባብ ሓሳባት ንኽለዋወጡ ይዕድሞም። እቲ ዝዓበየ እጃም መምህር ድማ፡ ተመሃሮ ብሓባር ክሰርሑን ክወዳደሩን ምትብባዕ እዩ። በዚ መሰረት፡ ኣብ መንጎኦም ናይ ምቕርራብ መንፈስ ይዝራእ። ብዘይካዚ፡ ካብ ሓደ ተማሃራይ ጥራይ ዝፍልፍሉ ሓሳባት ብምውጋድ፡ ኩሎም ተመሃሮ ብማዕርነት ዝዋስኡ መድረኽ ፈጢሩ ምስ ዝምህር፡ እዚ ኣብ ተመሃሮ ልዑል ረቡሓ ይህልዎ። ብተወሳኺ፡ መምህር ኣየናይ ተማሃራይ ይኑፍዕ ወይ ይደኽም ከምዝሎ ብቐሊሉ መምዩ ዘድሊ ሓገዝ ንኽገብር ዝሕግዞ ሜላ'ውን እዩ። ስለዚ፡ መምህር እተፈላለየ ኣገባብ ተጠቒሙ ኣብ ክፍሊ ምቹእ ሃዋህው ክፈጥር ዝኽእልን መስርሕ ምምሃርን ምስትምሃርን ቕድሚት ክሰጉም ዘኽእልን እዩ። ስለዚ፡ መምህራን ጻዕሮምን ድኻሞምን ፍረ መታን ክሓፍሱ ለውጢ ከተኣታትዉ ይምረጽ።

### 2. ንተመሃሮ ኣብ ግምት ዘእተወ ምእላይ

መምህር ኣብ ክፍሊ ኣብ ዝምህረሉ እዋን ፍልጠቱ ምፍሳስ ጥራይ ኣኻሊ ኣይኮነን። ተመሃሮ ኑቲ ዝምህሮ ዘሎ ዓውደ-ትምህርቲ ብግቡእ ይከታተልዎ ኣለው ዶ የለውን ምፍታሽ ዝለዓለ ሓላፍነቱ እዩ። ምኽንያቱ ዕማም መምህር ንተመሃሮኡ ትምህርታዊ ሓዘል ፍልጠት ምቕሳም ጥራይ ዘይኮነ እንተላይ ኣብ ስነ-ምግባራዊ መዳይ ህይወቶም ከይተፈ ክኣልዮምን ከማእዝኖምን ሞራላዊ ግዴታ ስለ ዘለዎ። ሓንቲ ቤት-ትምህርቲ ምንጪ ፍልጠትን ተበላሓትነትን ክትከውን እንተደኣ ኮይና፡ ሓይልን ብቕዓትን ናይ'ቶም ኣብኣ ዝዋስኡ መምህራን ብግቡእ ክንጸባረቕ ይግባእ። ስለዚ፡ ኣብዚ መዳይ መምህራን ምስ ተማሃሮ ጥቡቕ ዝምድና ክፈጥሩን ጥጡሕ ባይታ ከንጽፉን እንተደኣ ክኢሎም፡ ውልቃዊ ህይወትን ዝነብርሉ ተመሃሮ ብቐሊሉ ክለልዩን ክፈልጡን ኣይእገመን'የም። ስለዚ፡ ተማሃራይ ዝማእከለ ኣገባብ ኣመሃህራ ዝ'ዩ ዝመስል።

### 3. ናይ ምስማዕ ባህሪ ምጥራይ

ናይ ሓደ ብሉጽ መምህር ወርቃዊ ብልጫ፡ ንተመሃሮኡ ምሉእ ኣተኩሮ ክህብን ናይ ምስማዕ ባህሪ ክውንንን እንከሎ እዩ። መምህር ኣብ ክፍሊ ብግቡእ ዝሰምዖን ኣብ ዝህሮ ንጥፈታት ኩሎም ተመሃሮ ብምልኣት ክሳተፉ ዝዕድሞን እንተደኣ ኮይኑ፡ ካብ ተመሃሮኡ ልዑል ኣኽብሮት'ዩ ዝምጠወሉ። ብኣንጻሩ፡ መምህር "ንዓይ ጥራይ ስመዑኒ" ዝብል እንተኾይኑ፡ እቲ መስርሕ ትምህርቲ ናይ ተዛራብን ሰማዕን ጥራይ ይኸውን'ሞ፡ ከም ውጽኢቱ ተመሃሮ ናይ ጽልኣት መንፈስ የሕድሩ። ስለዚ፡ ሓደ መምህር ኣብ ኣገባብ ኣመሃህራኡ ልዑል ናይ ምስማዕ ባህሪ ክውንን ይግበኦ።

### 4. እናዘናጋዕካ መልእኽትካ ምትሕልላፍ

መምህር ናብ ደረጃ ዕድመ ተመሃሮኡ ብምውራድ፡ ከም ብጾቶም ኩይኑ ክከናኸኖም ኣለዎ። ኣብ ኣመሃህራ ጸቕጢ ከይፈጠረ እናዛናየ መልእኽቱ ምስ ዘመሓላልፍ፡ እቲ ትምህርቲ ውጽኢታዊ ይኸውን ወይ ብዙሕ ፍልጠት ክሰጋግረሎም ይኽእል። ወትሩ እናዛናየ ዝምህር መምህር ንዓዓት ተመሃሮ ስለዝፈጥር፡ እናዘናጋዕካ ምምሃር ብኹሎም መማሃራን ክጽቀጠሉ ዝግባእ ሜላ ኣመሃህራ እዩ።

እምበኣርከስ፡ ኣብ መንጎ መምህርን ተመሃራይን ጸቡቕ ዝምድና ምስ ዘይህሉ፡ እቲ ቀዳማይ ዝህሰ ተመሃራይ እዩ። ከም ሳዕቤኑ፡ ኣብ ኣካዳሚያዊ ትምህርቲ ክዘሕል ወይ ክሓምቕ ይኽእል። እዚ ብመጽናዕቲ ብዙሓት ምሁራት ዝተረጋገጸ ሓቂ እዩ። ዝምድና መምህርን ተመሃራይን ኣብ ምንፋዕን ምሕማቕን ተመሃራይ፡ ቀጥታዊ ጽልዋ ከምዘለዎ ሓተታ ዘየድልዮ ግሉጽ ሓቂ እዩ። ከምኡ ድማ ምስ መምህራት ሕማቕ ዝምድና እናመስረተ ካብ ሓደ ደረጃ ናብ ካልእ ደረጃ ትምህርቲ ዝሰጋገር ተመሃራይ፡ ኣብ ዝቕጽል ትምህርቱ ምስ ዝረኽቦም መምህራት እቲ

ዝደለ ዝምድና ክምስርት ከምዝእግሞ ብመጽናዕቲ ተረጋጊጹ እዩ። ስለዚ፡ ሕሉፍ ዝምድና ኑቲ ዝቕጽል ርክብ ብኣሉታ ክጸልዎ ዝለዓለ ተኽእሎ ኣለዎ። ከም ውጽኢት ናይ'ዚ ኩሉ ድማ እቲ ተመሃራይ ርእሱ-ተኣማንነቱ ክጎድል ብዙሕ እዋን ይረኣ።



ብዘይካ ሰኑይ መዓልታዊ እትሕተም ጋዜጣ

ዋና ኣሰናዳኢ
ኣሰፍሃ ተኽለማርያም

ምክትል ኣሰናዳኢ
ብርሃነ ምሕረትኣብ
ቍ.ስ 116266 / 201820 (256)

ቦርድ ምስንዳእ
ዮሴፍ ሃይለማርያም
ምሉእብርሃን ሃብተገብርኤል
ተስፋኣለም የማነ
ተስፋልደት መብራህቱ
ቍ.ስ 201820 (250)
ፋክስ. 127749 - ቍ.ሳ.ጶ. 247

ለይ-ኣውት
ፍርቱና ኤፍሬም
ትንሱእ ፍስሃየ
ሳምራዊት ሃብተ

ምዝርጋሕ ጋዜጣ
ቍ.ስ.200454-07121322
ምልክታ
ቍ.ስ. 125013 - ቍ.ሳ.ጶ. 1284

# ሓሳባት

## ሕብረተሰባት ካበይ ናበይ ብኸመይ?

ሲራክ ክፍለ

መበል 16 ክፋል

*ኣብ ዝሓለፈ ክፋላት ናይዚ ጽሑፍ'ዚ፡ ብዙሓ ዓለምለኻዊ ሕጊን ደንበታትን ዓለምለኻዊ ፖለቲካ ቁጠባ ባህሊ ወዘተ። ብዙሓ መንግትን ወለዶን ዝምልከት ጉዳያት ኣሰፋሕ ኣቢልና ተመልኪትና፣ ኣስፊብና ድማ ብዙሓ ምህላለ ማሕበረሰባት ክንዝረብ።*

### ማሕበረሰብ ኣብ ቀጻሊ ምህላለ

ኣብ ዝሓለፈ ክፋላት ከምዝነበብናዮ፡ ምዕራባውያን ክኢላታት ዘቐርብዎ ሓሳባት መብዛሕትኡ ግዜ ንክብብኣምን ንሓደ ፍሉይ መድረኽን ዝገልጽ እዩ። ምዕራባውያን ክኢላታት ኣብ ኣፍሪቃ መጺኦም ዝዝበርዎ መጽናዕቲ'ውን ዝበዝሕ ግዜ ተርጓሚ ተጠቒምካ ዝግበር ብምዃኑ ዘኪይድዎ ማሕበራዊ መጽናዕቲ ከምዝለዎ ልክዕ እዩ ኢልካ ክትወስዶ ኣሸጋሪ እዩ። ከመይሲ፡ ቃላት፡ ኣምሪት ጥራይ ዘይኮነ ልምዲታትን ስምዒታትን ብቐሊሉ ምትርጓም ስለ ዘይከኣል። እዚ ከይኣክል ብዙሓት ኣፍሪቃውያን ናይ ሱማሕበረሰብ ክኢላታት ኣብ ምዕራብ ዝማዕበሉ ሓሳባት ከምዝለዎ ክጥቀምሉ ከም ዝፍትኑ ኣብ ዝሓለፈ ጽሑፋት ርኢና። ንዓና ብዝምልከት፡ ናይዚ ዝተጠቕሰ ድኽምትን ሳዕቤንን ቀንዲ መፍትሒ ኤርትራውያን ክኢላታት ሱማሕበረሰብ፡ ንሕብረተሰብና ዝምልከት ሰፊሕን ዓሚቝን መጽናዕቲ ከምዝካይዱ ምግባር እዩ።

ማሕበራዊ መጽናዕቲ ብቐንዱ፡ ማሕበራዊ ህይወትን መነብሮን ሰባት ንምርዳእን ንምግላጽን ዝሕግዝ ዕማም እዩ። እዚ ንምንጻር ከም መእተዊ ገለ ኣገደስቲ ነጥብታት ከልዕል፦

ብዙሕ ግዜ ዝለዓል ሕቶ ውልቀሰብን ማሕበረሰብን ብኸመይ ይግለጽ ዝብል እዩ። ኣብ ምዕራብ ብፍላይ ካብ ኣብ 19ን 20ን ክፍለ ዘመን ንውልቀሰብ ከም ቀንዲ ኣገዳሲ ዋኒን ዝርአዩ ሓሳባት ማዕቢሎም። በዚ ከኣ መብዛሕትኦም ጸሓፍት ምዕራብን ፖሊሲ መምህራንን ምዕራብን ብዙሓ ድልየትን (Needs) መሰልን (Rights) ግቡእን (Duties) ናብ ውልቀሰብ ዘተኮረ እዩ። ኣብ ኤርትራ ከምኡ'ውን ኣብ ኣፍሪቃ ውልቀሰብ ካብ ማሕበረሰብ (ብዙውሓደ ካብ ስድራን መቕረብን ኣብ ብዙሕ ነገራት ከኣ ካብ ሃገር) ነጺልካ ምርኣይ ኣሸጋሪ እዩ። በዚ ምኽንያት'ዚ፡ ኣብ ኤርትራ ብዙሓ ድልየት፡ መሰል፡ ግቡእ ከምዝረብ እንከለና ውልቀሰብን ማሕበረሰብን ብጽምድነት (Dualism) ምርኣዩ ግድን ይኸውን። ጽምድነት ክንብል እንከለና ከም ክልተ ገጽ ናይ ሓደ ሰልዲ ገይርካ ምርድኡ ሓጋዚ እዩ። ብጉቡሪ ከምዝረአ ኩሉ ጉዳይ ውልቀሰብን ማሕበረሰብን ብጽምዲ ምሓዙ ሓላሊፉ እንተዘይኮይኑ ብዙሕ ጸገም የብሉን። መብዛሕትኡ ግዜ ውልቃዊ መሰል ምስ ጉዳይ ማሕበረሰብ ስለዘይጋጭ። ሓላሊፉ ጸገም ዝለዓል ድልየት ውልቀሰብ ካብ ድልየት ማሕበረሰብ ክፍለ እንክሎ ጥራይ ዘይኮነስ ኣዝዩ ተጻራሪ ክኸውን እንክሎ ጥራይ እዩ። እዚ ጽምዳዊ ዝምድና ውልቀሰብን ማሕበረሰብን ኣብ ሕብረተሰብና ካብ ወለዶ ናብ ወለዶ ንዘመናት እንዳተሰጋገረ ዝመጸ ኮይኑ ብበዝሒ መልክዕ ዝረአ ሓደ ካብቶም ናይ ሕብረተሰብና መዋቕር (Socail Structure) እዩ ክበሃል ይከኣል።

ንኣብነት ኣብ ዝሓለፈ ክፋል ናይዚ ጸሓፍ'ዚ ከምዝረኣናዮ "ዓለምለኻዊ ደንጋገ ሰብኣዊ መሰላት" ዓንቀጽ 18 "ኩሉ ሰብ ናይ ኣተሓሳስባ፡ ሕልናን ሃይማኖትን ናጽነት ኣለዎ። እዚ መሰል እዚ ኩሉ ሰብ ሃይማኖቱ ወይ እምነቱ ንምልዋጥ፣ ከምኡ'ውን ንበሕቱ ወይ ምስ ካልኦት ብሓባር ኮይኑ ብዕሊ ወይ ብውልቀ ብዙሓ ሃይማኖቱ ወይ እምነቱ ክሰብኽ፣ ክትግበር፣ ከምልኽ ወይ ኩብዕል ዝለዎ ናጽነት የጠቓልል።" ይብል።

ከምዝፍለጥ ኣብ ታሪኽ ሃገራት ምዕራብ ውልቀሰብ ጥራይ ዘይኮነ ህዝቢ ብምሉኡ እንታይ ዓይነት ሃይማኖት ክኽተል ከምዝለዎ ንጉስ ወይ ጳጳስ ዝእዝዝሉ ጥራይ ዘይኮነ ትእዛዝ ዝኖኽቡ ክሳብ ናይ ሞት ፍርዲ ዝውሰደሉ እዋናት ነይሩ እዩ። ይኹን'ምበር ብዙሞጓዲ ሎሚ ኣብ ሃገራት ምዕራብ ኣብ ልዕሊ እምነት ሰባት ዝሓሸ ተጸማምነት ኣሎ። ኣብ ሕብረተሰብና፡ ከም ኣብ ብዙሓት ሃገራት፡ ሃይማኖት ናይ ውልቀሰብ ጉዳይ ጥራይ ኣይኮነን። ንቤተሰብ፡ ብዓብኡ ከኣ ንማሕበራዊ ጉጅለ ዝትንኽፍን ዝምልከትን ጉዳይ እዩ። ኣብ ሃገርና ንኣመንቲ ክርስትና ይኹን ንኣመንቲ ምስልምና ሃይማኖት ምቕያር ናይ ውልቀሰብ መሰል ኣይኮነን። ሃይማኖት ሓደ ካብቶም ቀንዲ መዋቕር ማሕበራዊ ጉጅለ እዩ። ንሓደ ሕብረተሰብ ዘቑሙ መዋቕር ድማ ከም ዓንዲ ገዛ እዮም። ብቐሊል ዝቕየሩ ወይ ኣቃሊልካ ዝረኣዩ ኣይኮኑን። ኣብ ዝቐጽል ጽሑፋትና ብዙሓ ድልየት፡ መሰል፡ ግቡእ ብሰፊሕ ክልዕል ስለዝኾንና፡ እዚ ጽምዳዊ ዝምድና ውልቀሰብን ማሕበረሰብን ክንምለሶ ኢና።

እዚ ኣርእስታት'ዚ ከልዕል እንከለና ጥራሓዊ ፍርዲ ንምሃብ ወይ ከምዚ ዓይነት ኣተሓሳስባ እዩ ልክዕ ንምባል ዘይኮነስ ኣብ ባይታ ዘለዉ ነገራት ኣስፊሕካ ንምርኣይ ንምሕጋዝ ጥራይ እዩ። ሰባት ክልዓል ዝኽእል ኣርእስታት ብኸሉ ሸነኽ ርእዮም ናይ ገዛእ ርእሶም ገምጋም ወይ ውሳኔ ክገብሩ እዩ ትጽቢት ናይ ጸሓፊ።

ማሕበረሰብ ኤርትራ ክንብል እንከለና፡ ርክብን ዝምድናን ኣብ መንጎ ውልቀሰባትን ማሕበራዊ ጉጅለን፡ ከምኡ'ውን ማሕበራዊ ጉጅለ ምስ ካልእ ማሕበራዊ ጉጅለ ኮይኑ ኣብ ሓድ-ሕዶም ዝፈላልዮም ዶብ (boundary) የለን። ብኣንጻሩ፡ ብድሕሪ ምቛም ዘመናውያን ሃገራት፡ ንማሕበረሰብ (ህዝቢ) ኤርትራ ካብ ካልኦት ማሕበረሰባት (ሃገራት) ዝፈልዮ፡ ኣህጉራዊ ተቐባልነት ዘለዎ ንጹር ዶብ ኣሎ። እዚ ኣብ ቦታኡ እናሃለወ ማሕበራዊ ጉጅለታት ኤርትራ ምስቶም ኣብ ዶብ ዝርከቡ ማሕበርዊ ጉጅለ ካልኦት ሃገራት (ኢትዮጵያ፡ ሱዳን፡ ጅቡቲ፡ ቀረባ ማእከላይ ምብራቅ) ካብ ጥንቲ ዝጸንሐ ማሕበራዊ ርክብን ዝምድናን ክህልዎም ባህርያዊ እዩ። ዶባት ሰፈርካ ዝምዕቡሉ ማሕበራዊ ርክባትን ዝምድናታትን ንሃገራዊ ጥምረት ወይ ረብሓ ብኣሉታ ክሳብ ዘይጸለዉ ድማ፡ ንቀጠባዊ፡ ማሕበራዊን ምህላለ ጥራይ ዘይኮነስ ንሰላምን ርግኣትን ሃገራትን ጎደቦን ሓጋዚ እዩ።

### ማሕበራዊ ጉጅለ

ኣብዚ መጽሓፍ እምብኣር ማሕበረሰብ ክንብል እንከለና ንመላእ ህዝቢ ሓንቲ ሃገር ዝገልጽ እዩ። ማሕበራዊ ጉጅለ ክንብል እንከለና ድማ ኣብ ውሽጢ ሓደ ማሕበረሰብ (ሃገር) ዝርከቡ ግን ሓባራዊ ልምዲ፡ ቁጠባዊ ረብሓ፡ እምነት፡ ፖለቲካዊ




ምትእስሳር ወዘተ. ዘለዎም ወይ ኣለና ዝብሉ ጉጅለ ንምግላጽ እዩ። ንኣብነት ነብርቲ ዓዲ ጉብራይ፡ ማሕበር ሰራሕተኛታት፡ ህዝባዊ ግንባር፡ ከም ማሕበራዊ ጉጅለታት ክግለጹ ይኽእሉ እዮም። ማሕበራዊ ጉጅለ ዝብል ኣምር ኣብ ምጥቃም ግን ከም ኣድላይነቱ ክንጸር ይግባእ።

ማሕበራዊ ጉጅለ ዓዲ ጉብራይ ከም ኣብነት እንተወሰድና፡ ምስ ዝተፈላለየ ኣርእስቲ ዝተፈላለየ ትሕዝቶን ኣባላትን ክህልውዎ ይኽእሉ። ገለ ኣብነታት ከቕርብ፦

ልምዲ፡ ዝበዙሑን ዘለዉን ወለዶታት ዓዲ-ጉብራይ፡ ካብ ወለዶ ናብ ወለዶ ንዝመሓላለፉ ገለ-ገለ ልምድታት፡ ከም ናይ በዩናም ሓባራዊ ተመክሮ ክርእዩዎም ይኽእሉ። ከምዚ ዓይነት ተመክሮ ወዲ ዓዲ ጉብራይ ኣብ ዓዱ ይሃሉ ኣብ ካልእ ከባቢ ከም ናቱ ክስምዖ ከስተማቕሮ ይኽእል። እዚ ማለት ግን እቲ ፍሉይ ልምዲ ናይ ዓዲ ጉብራይ ጥራይ እዩ ማለት ኣይኮነን። ልምድታት ምስ ጎደቦታትን ክጸኣሉን ስለ ዝወራረሱ፡ ካልኦት ዓድታት'ውን ነቲ ልምዲ'ቲ ናትና እዩ ኢሎን ክሓስብ ይኽእላ እየን።

ኣብ ቁጠባ እንተመጺእና፡ ኣብ ሓደ እዋን ብሓባር ዝነብሩ ደቂ ዓዲ ጉብራይ ከም ሓደ ማሕበራዊ ጉጅለ ሓባራዊ ቁጠባዊ ረብሓ ኣለና ዝብል ስምዒት ክሕዞም ይኽእል እዩ (ደርባዊ ረብሓ ንግዚይኡ ኣወንዚፍና)። ከምዚ ዓይነት ቁጠባዊ ረብሓ ግን ምስ ሕሉፋት ወለዶታት ወይ ካብቲ ዓዲ ወጺኦም ምስ ዝነብሩ ደቂ ዓዲ ጉብራይ ዝተሓሓዝ ኣይኮነን። ዝሓለፉ ወለዶታት ካብ ናይ ሎሚ ወለዶ ዝረኸብዎ ቁጠባዊ ረብሓ ስለዘየለ፡ ኣብ ካልእ ከባቢ ዝነብሩ ድማ ቁጠባዊ ረብሓኦም ምስቲ ዝነብርዎ ከባቢ ስለዝተሓሓዝ፡ ይኹን'ምበር ኣብ ካልእ ከባቢ ዝነብሩ ደቂ ዓዲ ጉብራይ፡ ዓድና ኣብ ዝብልዎ ሰፈር ትሕተ-ቅርጻዊ ስርሓት ኣብ ምህናጽ ክምወሉ ክተሓባበሩ ባህርያዊ እዩ

ብመንጽር እምነት እንተርኢናዮ፡ ብቐንዱ እምነት ኣብ መንጎ ውልቀሰብን ፈጣሪን ኮይኑ፡ ደቂ ዓዲ ጉብራይ ዝኽተልዎ ቤተ እምነት ንምህናጽ፡ ምጽጋን ብሓባር ወይ ብብእምነቶም ክሰርሑ ይኽእሉ። ንኸምዚ ዓይነት መጻል ድማ ኣብ ካልእ ከባቢ ዝነብሩ ደቂ ዓዲ ጉብራይ፡ መንግስቲ፡ ወይ ካልኦት ኣብ ውሽጢ ሃገር ዝርከብ ትካላት ክተሓባበሩ ንቡር እዩ። ከም ዝፍለጥ ንዘመናት ቤተ እምነታት ብደቂ ዓዲ እየን ዝምወላን ዝሀጸን ነይረን። ንድሕሪት ተመሊስና ናይ ጥንቲ ሕጊ እንዳባ ማሕበራዊ ጉጅለታት ኤርትራ እንተ ተወኪስና ቤት-እምነት፡ ቤት-ትምህርቲ ብደቂ ዓዲ ወይ ከባቢ ዓዲ ክህነጸን ከምወልን እየን ዝእዝዛ (ንኣብነት ስርዓት ሎጎ ጭዋ ዓንቀጽ 46 ርአ)። ኣብ ኣፍሪቃ ምስ ምምጻእ ኤውሮጳዊ መግዛእቲ ብናይ ወጻኢ ሓይልታት ዝተመወለ ቤተ እምነታት ተሃኒጸ እዩ። ብጉቡሪ ከም ዝተራእየ ድማ ብናይ ወጻኢ ሓይልታት ዝምወል ቤት-እምነት ብዙሕ ግዜ ኣብ ፖለቲካዊ ጉዳያት ሃገራት ብምእታው ኣዕናዊ ተራ ስለዝጻወት፡ ከምቲ ሕጊ እንዳባ ዝእዝዞ ዝበረ፡ ምህናጽ፡ ምጽጋን ምምሕዳር ቤት-እምነት ብዓቕሚ እቲ ማሕበረሰብ ጥራይ ክኸውን ይምረጽ።

ፖለቲካ ብዝምልከት፡ ፖለቲካ ምስ ማሕበረ-ቁጠባዊ ጉዳያትን ረብሓታትን ከምዝተሓሓዝ ርዱእ ኮይኑ ብቐንዱ ግን ናይ ሓሳብ ጉዳይ እዩ። ሰባት ካበይ ይመጹ፡ ኣበይ ይነብሩ ብዘየገድስ ዝተፈላለየ ፖለቲካዊ ዝምባለታትን ረብሓን ክህልዎም ንቡር እዩ። በዚ ከኣ ናይ ደቂ ዓዲ ጉብራይ ጥራይ ዝበሃል ፖለቲካዊ ሓሳብ ክህሉ ኣይክእልን። እዚ ማለት ከኣ ደቂ ዓዲ ጉብራይ ኣብ ውሽጢ ዓዲ ይሃልዉ ኣብ ካልእ ከባቢ ብዘየገድስ ከም ማሕበራዊ ጉጅለ መጠን ሓባራዊ ዝበሃል ፖለቲካዊ ዝምባለ ይኹን ረብሓ የብሎምን።

ጎደቦ ዓድታት ብማይ፡ ወይ መሬት ክሰሓሓቡ ንቡር እዩ። ከምዚ ዓይነት ግርጭት፡ ብቐንዱ ጉዳይ ቁጠባዊ ረብሓ እዩ። ስለዝኾነ ከኣ ብቐንዱ ነቶም ኣብ ዓዲ ዝነብሩ ጥራይ ዝምልከት እዩ። ኣብ ካልእ ከባቢ ዝነብር ወዲ ዓዲ ዝምልከቶ ኣይኮነን። መነብሮኡ ምስቲ ዝነብሮ ዘሎ ቦታ ጥራይ እዩ ዝተሓሓዝ። ብኣጠቓቕማ መሬት ካልእ ጸገታትን ዝለዓል ምስሕሓብ ፖለቲካዊ ግርጭት ኣይኮነን። ብቐረባ ብዓዲ እንተዘይተኻእለ ከኣ ብከባቢ ዓዲ፡ ንኣሰዛባ ደረጃ፡ እንተ በዚሐ ከኣ ብዞባ ወይ ብሃገር ደረጃ ብዕርቂ ዝፍታሕ እዩ። ኣብዚ ክፈልጥ ዘለዎ፡ ነፍሲ ወከፍ ማሕበራዊ ጉጅለ መሬት ዓደ'ቦና ዝበልዎ ቀዋሚ ወይ ተንቀሳቓሲ ቦታ ከምዘለዎምም ዘከንጋዕ ኣይኮነን። ይኹን'ምበር፡ እቲ ብጽሒትና እዩ ዝበልዎ መሬት በዚ ሎሚ ንርድኦ ብምዕቡል ቴክኖሎጂ ብንጹር ዝተሰከመ፡ ዝተሓጸረን ኣይኮነን።

እዚ ሓጺር ኣብነት ማሕበራዊ ጉጅለ ዓዲ ጉብራይ፡ ድልየት ወይ ረብሓ ማሕበራዊ ጉጅለ ክበሃል እንክሎ ንኹሉ ኣባል ማሕበራዊ ጉጅለ ብሓባር ይምልከት ወይ ይጸሉ ማለት ከምዘይኮነ ንምንጻር ኮይኑ፡ ማሕበራዊ ጉጅለ ዝብል ኣምርን ምስኡ ተተሓሒዞ ዝለዓል ድልየት ወይ ትጽቢት ብጥንቃቐ ምጥቃሙ ንምዝኽኻር እዩ።

### ክብርታት

ኣብ ላዕሊ ካብ ዘልዓልናዮም ኣብነታት ሓደ "ልምዲ" እዩ። ልምዲ ሓደ ኣገዳሲ ክፋል ውልቀሰባት፡ ማሕበራዊ ጉጅለ፡ ብዓብኡ ከኣ ማሕበረሰብ እዩ። ልምዲ ብበዝሒ መልክዕ ዝረኣ ኮይኑ ብኸመይ ይጥረ ምግንዛቡ ኣገዳሲ እዩ። ከምቲ ትርጉም "ልምዲ" ዝብል ቃል ዝገልጾ ኣብ ማሕበራዊ ዝምድና ልምዲ ዝብል ኣምር፡ ብስሩዕ ንዊሕ ግዜ ምናልባት'ውን ካብ ወለዶ ናብ ወለዶ ዝሰጋገር ዝውቱር (Routine) ነገራት ዝገልጽ እዩ። ሓደ ማሕበራዊ ጉጅለ ወይ ማሕበረሰብ ብተደጋጋሚ ዝነብሮ ነገራት "ልምዲ" ከም ሓደ "ትካል" (institution) እቲ ማሕበራዊ ጉጅለ ወይ ማሕበረሰብ ብምዃኑ ንኣባላት እቲ ጉጅለ ብበዝሒ መልክዕ ይጸልዎም። እቶም ሓደ ማሕበረሰብ ከም "ትካል" ዝርእዮም ኣብ ማሕበራዊ ዝምድና ኣዝዮም ኣገደስቲ ክኾኑ እንከለው፡ እቲ ማሕበረሰብ ከም ንብረ ልምዲ ጥራይ ዘይኮነስ ከም "ክብሪ" ይገልጾም እዩ። ክብሪ ከኣ ቀንዲ መለለዪ ሓደ ማሕበረሰብ እዩ።

ንኣብነት፦ ብሓፈሻ ኣብ ኩሉ ማሕበረሰብ ኤርትራ፡ "ምትሕግጋዝ"፡ ከም "ማሕበራዊ ክብሪ" ኢና ንርእዮ። ነዚሕ ናይ ምትሕግጋዝ ልምዲ ስለዘሎና። እዚ ማለት ግን ንልምዲ ወይ ክብሪ ኩሉ ኣባል ማሕበረሰብ ይትግብሮ ማለት ኣይኮነን። ይኹን'ምበር ዋላ እቶም ነቲ ልምድን ክብርን ዘይትግብሩ ሰባት፡ ልምድን ክብርን ከምዘሎ ይግንዘቡ እዮም።

### ምውጋን ወይ ጽግዒ ምሓዝ

ልምዲ ኣብ "ምውጋን" ወይ "ጽግዒ ምሓዝ" ዓቢ ተራ ይጻወት እዩ። ጽግዒ ምሓዝ ከኣ ብውልቂ፡ ብማሕበራዊ ጉጅለ፡ ወይ'ውን ብደረጃ ማሕበረሰብ ይረአ እዩ። ስፖርት ከም ኣብነት እንተ ወሰድና፡ ሓደ ዘይትፈልጦ ኤርትራዊ ምስ ሓደ ጎረቤትካ ፈረንጂ ኣብ ቅድድም ተወዳዲሮም እቲ ኤርትራዊ ምድጋፍ መርኣያ ልምድን ምትሕግጋዝን እዩ። እቲ ኣብ ፖለቲካ "ሃገራዊ ረብሓ" ዝበሃል ከኣ ካብዚ ማሕበራዊ ምትሕግጋዝ ዝፍለ ኣይኮነን።

ይቕጽል . . .

| ሎሚ ኣብ ERI-TV | |
|---|---|
| ሰዓት | መደብ |
| 12:00 | ሃገራዊ መዝሙር |
| 12:02 | ኮመዲ |
| 12:30 | ዜና ትግርኛ |
| 12:50 | ዜና ስፖርት |
| 12:55 | ሓፈሻዊ ውድድር ቡያ |
| 13:30 | ዜና ዓረብ |
| 13:45 | ዕላል ጥበባት |
| 14:20 | ተክ ኢንሳይት |
| 5:00 | ጸብጻብ ስነስርዓት መመረቕታ ኮለጅ ስነፍልጠት ማይ-ነፍሒ |
| 15:45 | ፓኖራማ |
| 16:10 | ናትራን 1ይ ክፋል |
| 17:00 | ዜና ትግርኛ |
| 17:18 | ደርፊ |
| 17:30 | ዜና ዓረብ |
| 17:45 | ናትራን 2ይ ክፋል |
| 19:05 | ፊዮሪና |
| 20:00 | ዜና ትግረ |
| 20:15 | ተኸታታሊት ፊልም ዕርፊ |
| 21:00 | ዜና ትግርኛ |
| 21:25 | ተከታታሊት ፊልም መስተንክር |
| 22:00 | ዜና ዓረብ |
| 22:15 | ሌላ |
| 22:30 | ዜና እንግሊዝ |
| 22:40 | እትመት |

# ሽባብ

ሃማመተኤ

## ሓሳባት

# ወለንታውነት

ድሕሪ 54 ዓመት ፕሮፌሰር ካሊና ማሊ፡ ኣብ ወለንታዊ ኣበርክቶ ክትሳተፍ ኣብ ዝሓለፈ ሰሙን ፓሪስ ዝተራእየት ብራዚላዊት'ያ። ፕሮፌሰር ካሊና ማሊ፡ ብፍሽኽታ ደሚቓ ሰንበት 21 ሓምለ ምስ ማዕከን ዜና ፍራንስ 24 ኣብ ዝገበረቶ ቃለ-ምሕትት፡ ናብዚ ናይ ሎሚ ዓመት ኦሎምፒክ ፓሪስ ኣብ ወለንታዊ ኣበርክቶ ክትሳተፍ ብምባል ብዙሕ ዋጋ ከም ዝኸፈለት ሓቢራ። እዛ ኣብ ዩኒቨርሲቲ ከም እትምህር ዝሓበረት ፕሮፌሰር ካሊና፡ ኣብዚ ናይ ወለንታዊ ኣበርክቶ ንምስታፍ ዕዮኣ ከይተረፈ ከም ዝኸሰረት ትሕብር። እቲ ዝኸሰረቶ በቲ ዝረኸበቶ ከተወዳድር እንከላ ግን እቲ ኣብ ነብሲ.ወከፍ ቃላታ እትወጽእ ፍሽኽታ እኹል መግለጺ'ዩ። ፕሮፌሰር ካሊና፡ እቲ ኣብ ውሽጣ ዘሎ ናይ ምግልጋል ስምዒት፡ ምስ ኦለምፒክ ክሰማምዓላ ብምባል'ያ ነዊሕ ኪሎሜተር ተጓዒዛ ፈረንሳ ክትኣቱ ዝደፈረት። ኣብዚ ናይ ሎሚ ዓመት ኦሎምፒክ ብዙሓት ሰባት እዮም ወለንታዊ ኣበርክቶ ክገብሩ ብሂጎም። ኣብ ኦሎምፒክ ፓሪስ ወለንታዊ ኣገልግሎት ክህቡ ካብ መላእ ዓለም ብኣማኢት ኣሽሓት ዝቑጸሩ ወለንታውያን ከም ዝተመዝገቡ ኣካየድቲ ኦሎምፒክ ፓሪስ ክሕብሩ እንከለው፡ ካብዚኦም ድማ ሰላሳ ሽሕ ዝበጽሑ ወለንታውያን ከኣ ሕጹያት ብምዃን ኣብ ዕዮ ወፊሮም ይርከቡ። እዞም ኣብ ጽሬት፡ ተሳተፍቲ ስፖርታውያንን ዕዱማትን ኣብ ምትእንጋድ ዝነጥፉ ወለንታውያን፡ ከካብ ሃገሮም ዝመጽእሉ ናይ ጉዕዞን መጽለልን ወጻኢታት ባዕሎም ክሽፍንዎ እዮም። እዞም ስርሖም ራሕሪሖም ኣብ ወለንታዊ ኣገልግሎት ዝሳተፉ ዘለው ሰባት፡ ብዕዮኦም ደስታ ከም ዝስምዖም ይሕብሩ።



ኣብ ዝተፈላለየ እዋን ማዕከናት ዜና ሃገርና ንኽም ለገስቲ ደም፡ ኣብ ጽሬት ኣካባቢ፡ ምእላይን ምንክብኻብን ሕሙማት፡ ንጽጉማት ወገናት ዘደጋግፉ፡ ትምህርታዊ ሓገዝ ዝህቡ ወገናት፡ ወዘተ. ቃለ-ምሕትት ኣብ ዘካይዳሎም፡ ብዕዮኦም መጠን ዘይርከቦ ደስታ ከም ዝስምዖም ክገልጹ ተዓዚብና ኢና።

ነገራት ብረብሓ ኣብ እንዕቅነሉ ዘለና እዋን፡ ንሰባት ወለንታዊ ኣበርክቶ ንኽገብሩ ዝደፋፍኦም ዘሎ እንታይ'ዩ ክንብል ግድን'ዩ። ነዚ ሕቶ ማእከል ገይሩ መርበብ ሓበሬታ www.healthdirect.gov.au መልሱ ኣቕሪቡ ይርከብ።

ወለንታውነት ብዘይ ክፍሊት ንኻልእ ሰብ ንምሕጋዝ ግዜና፡ ጉልበትናን ዓቕምናን እንውፍየሉ ተግባር እዩ። እዚ ተግባር ከኣ ወግዓውን ዘይወግዓውን ተባሂሉ ይግለጽ። ዘይወግዓዊ ወለንታዊ ተግባር ንስድራና፡ ንኣዕርኹትናን ካልኦት ቀረብትናን እንህቦ ሓገዝ ወይ ኣበርክቶ ክኸውን እንከሎ፡ ወግዓዊ ኸኣ ኣብ ውዳቤታት ወይ ኣብ ናይ ሕያውነትን ዘይመኽሰባውያን ትካላት ተጠርኒፍ ንሕብረተሰብና እንህቦ ወለንታዊ ኣገልግሎት'ዩ። ካብ ወግዓዊ ይኹን ዘይወግዓዊ ወለንታዊ ኣበርክቶ እንጽበዮ ሕልናዊ መኽሰብ እንተ ዘይኮይኑ ዝኾነ ክፍሊት የብሉን።

ወለንታዊ ኣገልጋሊ ምዃን ብሓፈሻ ብዙሕ ረብሓ'ዩ ዘለዎ። ወለንታዊ ኣበርክቶ ነብሰ-ኽብርና ኣበሪኹ፡ ናይ ህይወት ትርጉምን ዕላማን ከም ንረክብ ይገብር። ከምኡ'ውን ወለንታውነት ጸቕጢ ኣፋኺሱ ናይ ቅዛነት ስምዒታት ንኽይሰምዑና ይገብር። ብተወሳኺ፡ ወለንታውነት ኣብ ሕብረተሰብና ብእንህቦ እወታዊ ስምዒት ዝምድናና ከም ዝመሓየሽ ይገብር።

ብዙሓት ኣብ ወለንታዊ ዕዮ ዝሳተፉ ወገናት፡ ካብ ወለንታዊ ኣበርክቶ ብዙሕ ረብሓ ከም ዝረኸቡ ይሕብሩ። ካብቲ ትርጉምን ደስታን ዝፈጥረሎም ዕዮ፡ ብዙሕ ረብሓ ከም ዝረኸቡ ይገልጹ። ወለንታዊ ኣበርክቶ፤

- ስምዒት ዓወትን ዕላማን ክፈጥረልና ዝኽእል ተግባር'ዩ
- ወለንታዊ ዕማም ኣብ እነሳላስለሉ፡ ኣካል ሕብረተሰብና ኮይኑ ከም ዝስምዓና ይገብር
- ወለንታዊ ዕዮ ክንፍጽም እንከለና፡ ነብሰ-ክብርናን ርእሰ-ተኣማምነትናን ብምብራኽ ብዛዕባ ነብስና ጽቡቕ ምስሊ ክንሕዝን ጽቡቕ ስምዒት ከም ዝስምዓና ይገብር
- ወለንታዊ ዕዮ ዕቑር ክእለትና ከነውጽእ፡ ተውህበና ምስ ሰባት ብምክፋል ሓድሽ ሞያ ክንምሃርን ፈጠራዊ ዓቕምናን ብምብራኽ ናይ ስራሕ ህይወትና ሚዛን ከም ዝሕዝ ይገብር
- ወለንታዊ ኣገልግሎት ካብ ማሕበራዊ ተነጽሎ ኣናጊፉ፡ ንጽምዋን ቅዛነትን ክንምክት ሓይሊ ይህበና
- ኣብ ወለንታዊ ኣገልግሎት ከማና ወለንታዊ ኣበርክቶ ክገብሩ ዝተበገሱን ኣበርክቶና ዝቕበሉን ሰባት ከም ዝተኣሳሰርናን ዋጋ ከም ዝስምዓናን ዝገብሩ ሓደሽቲ ሰባት ክንላለ የኽእለና
- ወለንታዊ ኣግልግሎት ኪኖ ውልቃዊ ማሕበራዊ ረብሓውን ከም ዘለዎ ይሕበር። ወለንታዊ ዕዮ ሓደሽቲ ሰባት ሕድሕድ ከም ዝፋለጡ ብምግባር ጥዑይ ሕብረተሰባዊ ዝምድና ክፍጠር ዝኽእል ተግባር'ዩ።
- ወለንታውነት ሓድሽ ማሕበራዊ ክእለታት ክነማዕብል ዕድል ይፈጥረልና።

ብጥቕልሉ፡ ወለንታዊ ኣገልግሎት፡ ህይወት ናብ ሓድሽ ምዕራፍን ለውጥን ዘሰጋግር ተግባር'ዩ። እቲ ንሰጋገሮ ምዕራፍ ከኣ እወታዊ ምዃኑ ፈጸምቱ ብምሉእ ልቦም ዝገልጽዎ'ዩ።

ወለንታዊ ኣብርክቶ ናይ ብሉጻት ሰባት ዕዮ'ዩ። ወለንታውያን ኪኖ ነብሶም ኣርሒቖም ዝጥምቱ ዝፍጽምዎ ዕዮ'ዩ። ወለንታውያን ወትሩ ብሉጻት ሓሰብቲ'ዮም። ብሉጻት ሓሰብቲ ድማ ወትሩ ተጠለብቲ'ዮም። ብሉጻት ሓሰብቲ ፈታሕቲ ጸገም ክኾኑ እንከለው፡ ውዳበ ክሃንጽ ዝኽእል ሓሳብ ኣይሓጽሮምን። ተወሃሂዶም ሓድሽ መሳልል ዕቤት ክሓኹሩን ናይ ዓወት ጎደ ክፈጥሩ ኣይጽገሙን። ከምኡ'ውን ወለንታውያን ብዛዕባ መጻኢ ትሰፍዋት እዮም። ብሉጻት ሓሰብቲ ንነብሶም ኣብ ምሕረት ዘይብሎም ሰባት ኣየውድቑዋን ወይ ከታልልዎም ኣይፈቕዱን። ወለንታውያን ሓገዝ ክህቡን ሓገዝ ክቕበሉን ኣይወላወሉን። እቶም ብሉጽ ኣተሓሳስባ ዘማዕብሉ ሰባት፡ ዋላ'ውን ኣብ ተኣፋፊ ኩነታት ንነብሶም ባዕሎም እዮም ዘማሓድሩ። ብሓጺሩ ብሉጻት

ሓሰብቲ ዕውታት እዮም። ወለንታውያን ሰባት ድማ ብሉጻት ሰባት'ዮም።

ኣብርሃም ዮሃንስ (ወዲ ዕቋር)

ሓበሬታን ኀስጓስን እዚ ተወርዋሪ ሓይሊ

## ልቦና

# ኣነቓቓሒ ዛንታ

ሱራፌል ተ.

## ንዓና ዘይርኣየና ፎሪ ጸዕርና

ዕምባባታት ምትካልን ምክንኻንን ዘሐጉሳን ዘሐብናን መንእሰይ ነበረት። ካንሸሎኦምን ውሽጢ ቤቶምን ብዕምባባታት ከም ዝውቅብ ገይራቶ ነበረት። ፍቕርን ምክንኻንን ዕምባባታት ዝመሃረታ እኖሓጎኣ'ያ። ዝረኣየቶ ጽቡቕ ዕምባባ ኣብ ካንሸሎኣ ኽህሉ ኽቱር ድሌት ነበራ። በዚ ኸኣ ኣብቲ ኸተማ ብጽባቐን ብዙሕነትን ዕምባባታት ካብ ናታ ዝበልጽ ትሕዝቶ ዝነበራ ገዛ ኣይነበረትን።

ሓደ መዓልቲ፡ ኣብ ሓደ መጽሔት ስእሊ ናይ ዝዓንበበት ተኽሊ ረኣየት። እታ ተኽሊ ንቑመትን ንጉድንን ጽቡቕ እትዓቢ፡ ክሳብ 2 ሜትሮ ዝበጽሕ ቍመት ነበራ። ዕምባባኣ ክቕላዕ እንከሎ ግርማኡ መዳርግቲ ኣይነበሮን። ከምኡ ዝበለ ዕምባባ ርእያ ስለዘይትፈልጥ ኣብ ገዛኣ ክትህሉ ደለየት። ኵሉ ዝከኣላ ገይራ ኸተምጽኣ ሓለነት። ከም ዝሓሰበቶ'ውን ድሕሪ ብዙሕ ጻዕሪ፡ ዘርኢ ናይታ ተኽሊ ረኸበት። ቦታ ኣለማሊማ ብምቕናይ፡ ብድሕሪ ገዛኦም ኣብ ዝነበረ ቅርዓት፡ ናብ ነጸላ መንደቕ ጎሮቤቶም ኣጸጊዓ ተኸለታ። ተኸናኸነታ ድማ።

እታ ተኽሊ ዕብየታ ቕልጡፍ ነበረ። ድሙቕ ቀጠልያ ዝሕብሩ ቈጽላ ኣጒላዕሊዑ፡ ጨናፍራን ጉንዳን ከም ዘይርኣ ኾነት። ገና ዕምባባኣ ኽየወጽኣት'ኳ ምልክዕቲ ነበረት።

እታ መንእሰይ፡ መዓልቲ ድሕሪ መዓልቲ ማይ ኣስተየታ፡ ኰስኰሰታ፡ ዳህሰሰታን ክንዲ ምንታይ ጽብቕቲ ምዃና ነገረታን። እንተኾነ ዕምባባ ናይ ምውጻእ ኣመት ኣየርኣየትን።

እታ መንእሰይ፡ ድሕሪ'ቲ ኣዋርሕ ዝወሰደ ዘየዕርፍ ክንክን፡ ኣብ ቅድሚ እታ ተኽሊ ደው ኢላ ሓሰበት። ክትዕምብብ ዘይምኽኣላ ኸኣ ቑር በላ። ቈሪጻ ኻልእ ተኽሊ ኽትተክል'ውን ሓሳብ መጽኣ። ኣብቲ ጎሮቤት እትቕመጥ መንእሰይ፡ በቲ ኹና ተቐልቀለት'ሞ ናይ ንግሆ ሰላምታ ተለዋወጣ። እታ መንእሰይ ቀልጢፋ ናብቲ ናይቲ ተኽሊ ሓሳባታ'ኳ እንተ ተመልሰት፡ እታ ጎሮቤት ግን ኣይሓደገታን።



"ኣመስጊንና ኢና ኸኣ፡" በለታ ጎሮቤት።

"ናይ ምንታይ?" መለሰት መንእሰይ።

"ንግሆ ንግሆ በዛ ተኽልኺ ኽንዲ ምንታይ እፍሳህ ኣለኹ ኣይትፈልጥን ኢኺ። ከምዚ ዓይነት ዕምባባ ኣብዚ ናትኪ ኹነ ኣብ ካልእ ቦታ ርእየ ኣይፈልጥን። ማራ'ያ እተደንቐኒ፡" ክትብል መለሰት። እታ መንእሰይ ዝሰምዓቶ ክትኣምኖ ኣይከኣለትን። እናጕየየት ናብቲ ሓደ ኻንሸሎ ብምኻድ ነታ ተኽሊ ረኣየታ። ካብቲ ብስእሊ ዝረኣየቶ ንላዕሊ ብዝምስጥ መልክዕ ዓምቢባን መቺኡዋን ረኣየት። ብሓደ ሸነኻ ጥራይ ዓምቢባ ምርኣያ ገረማ።

ናይቲ ንሕና እትደኽሞ ጽቡቕ ውጽኢት፡ ንዓና ስለ ዘይተራእየና ኣየፍረናን ማለት ኣይኮነን።

Inspirationalstories.com

ኣብራሃም ዘርአ (ወዲ ሃለቃ)

# ወግዒ 'ማዓሳ'

ካብ ባህላዊ ወረሻታትና ሓደ ዝኾነ ባህላዊ ትውፊታትና ክዕቀብ እንተኾይኑ፡ ከሎትና ቡብዓቕምና ዋላ ኣብ ንእሽቶ ጭሩም ወረቐት እናሰነድና ክንከይድ እዩ ዝግባእ። ዝኾነ ጸሓፍ ጸባሕ ንገሆ መወከሲ ንዓሕረምት ክኸውን ይኽእል እዩ። እዚ ከኣ ኣብ ኣእምሮ ናይ ነፍሲ-ወከፍ ኤርትራዊ ዝመላለሰ ሓሳብ ኰይኑ ይስምዓኒ። ሓደ ሕብረተሰብ ወግዕታትን ክብርታቱን ምስ ዘጥፍእ ካብ ውድቀት መሳሲ ክህልዎ ከም ዘይክእል ርጉጽ እዩ። ወለዶ ናይዚ እዋንዚ፡ ዘለና ሃብታም ባህልን ወግዕታትን ብዘመናዊ መድረኽ ንኸይብርዝ፡ ኣብ ምዕቃቡ ሞራላውን ግዴታውን ሓላፍነት ኣሎና። ባህሉን ታሪኹን ዘይዓቀበ ሕብረተ-ሰብ ንጸባሕ ንገሆ ኣብ ቅድሚ ኣህዛብ ዓለም ደው ክብልን ክኹርዕን እዩ ኢልካ ምሕሳብ ዘበት እዩ።

ወግዒ "ማዓሳ"፡ ሓደ ካብ ምቁራት ወግዕን ልምድን ብሄረ ሳሆ እዩ። ክሳብ ሕጂ ኣሰሩ ከየጥፈኣ ዝቐጸለ ዘሎ ዝውቱር ወግዒ ድማ እዩ። ጉብዘና ማለት ንእሰነት ዘልዓሉ መንእሰያት ሳሆ ድማ ይጻወቱዎ። መንእሰያት ብሄረ ሳሆ ብኸሻይ እንግዶት ተሰንዮም ዘኪይድዎ መራኺ ባህላዊ ጸወታ እዩ። ናይ ምትእኽኻብ ወግዒ ኰይኑ፡ ብደቂ-ተባዕትዮን ደቂ-ኣንስትዮን ድማ ብሓባር ይጽወት።

ኣብ ዓለም ዘለዉ ዝተፋላለዩ ሕብረተሰባት ኣተዮም ወግዕን ልምድን ይውንኑ፡ ኢቶም ወግዕናታት ኣተዮም ትርጉምን ዕላማን ኣለዎም። እዚ ናይ መንእሰያት ምትእኽኻብ ድማ ናቱ መልእኽትን ትርጉምን ኣለዎ። ቐንዲ ዕላማ ማዓሳ፡ መንእሰያት ደቂ-ሳሆ እናተዘናግዑ ንሓድሕዶም ዝሳለዩሉን ፍቕርምን ሓድነቶምን ዘደልድልሉን ካብ'ቲ ብሆንቀውታ ዝጸበዮም ኣዝዩ ፍትውን ተዛራፍን ዝኾነ ወግዒ እዩ።

ብኻልእ ሸነኽ ወግዒ ማዓሳ፡ ኣብ ዓዲ ሓሓሊፉ ንዝርአ ዘይእሩም ስዑምግቦር መንእሰያት፡ ብቐጥፈታ ዝተሕዝዩሉ ደርፍታት ዝእርምሉ ኣጋጣሚ እዩ። ከምኡ'ውን መራሕቲ ቀቢላ ክኾኑ ዝኽእሉ ኣዝዮም ፍትሓውያንን በላሕትን ንፍዓትን ለዋሃትን መንእሰያት ዝልለዩሉን ኣጋጣሚ እዩ። ብሓፈሻ፡ ኣብቲታውያን መንእሰያት ዝሓደሉ መድረኽን ልምድን መንእሰያት ናይ'ቲ ብሄር እውን እዩ። እቲ ምስ ዓቢይቲ ዓዲ ኣብ ፍሉጥ መአከቢ ቅርዓት ባይቶ ማለት "ኣርባ" ዝጽወት ወግዒ ብሓፈሻ እቶም መንእሰያት ክብልዎ ዝደልዩ ሓሳባትን ስምዒታቶምን ዝገልጹሉ መድረኽ ይፈጥር።

እዚ ወግዒ'ዚ ብኸልተ ኣገባብን ስርዓትን ክከየድ ይኽእል። እቲ ቀዳማይ፡ እቶም መንእሰያት ንሓድሕዶም ተረዳዲኦም ኣብ እዋን ለይቲ ኣብ ማእከል በረኻ ዝዑብርዎ ዕሙር ጸወታን ናይ ምትእኽኻብ ፌስታን ክኸውን እንከሎ፡ እቲ ካልኣይ ከኣ ብኣዕሩኽ መርዓውቲ ተወዲቡ፡ ጭርቃንን ቃጽያን ኣማእኪሉ፡ ንኹሎም ኣብ'ቲ ዓዲ ዝርከቡ መንእሰያት ዘሳትፍ ተፈታዊ ጸወታ እዩ። ኣብ ግዜ ምሸት ብህርፋን ዝካየድዎ ናይ ወኻዕኻዕ ድግስ እውን እዩ። ኣብ'ዚ ዘይምኖ ናይ ንእሰነት ግዜ፡ ከሎም እቶም ጐንበለ ብልዑል ትጽቢትን ሃረርታን ስለ ዝጽበይዎ፡ ካብ ጎደቦ ዓድታት ከይተረፈ'ውን ኣብ'ዚ ናይ ዓርኩመሳታ ምሸት ክሳተፉ ይኽእሉ። ምኽንያቱ፡ ወቕቲ ሓጋይ ንኣኦም እታ ዝመቐረት ግዜ እያ። ንኸኣሲ ዘይዕድም ናይ ኣሸሙር ዳእላን ጭርቃንን ዝእንገደላ ወግዒ ስለዝኾነት። ኣንብበዘ ብሄረ ሳሆ፡ ንወቕቲ "ማዓሳ" ብሆንቀውታ እዮም ዝጽበይዋ። ኣብ'ዚ ወግዒ ወይ ጸወታ'ዚ ኩራ ዝበሃል ኣይፍለጥን እዩ። ብኣውራ ዕላማኡ ንምዝንጋዕ ተባሂሉ ስለዝግበር።

ኣብ ግዜ መርዓ ኣጸሕ ብሄረ ሳሆ ካብ ዝተፋላለዩ ዓድታት ይዕደሙ። ኣብ ጸባሕ'ቲ መዓልቲ መርዓ ድማ፡ ብፍላይ



(ሚሕዞ) ማለት ኣዕሩኽ መርዓዊ ንመሐጸኒት ትኾነውን ፍልይቲ ገዛ ማለት "ዓዶ ዓረ" ተቐላጢፎም ከም ዝሰርሑ ይግበር። ብፍላይ ውሻጠ መርዓት፡ ብኣገባብን ጥባብን ፊልዮም ይሰርሑ።

ድሕሪ መርዓ ሕጻኖት ምስ ጀመሩ፡ እቲ ልዒልና ዝጠቐስናዮ ወግዒ ናይዞም መንእሰያት ይቐየድ። ዓርኪ ርእሲ ማለት "ዓራሰው" ንምምራጽ ከኣ፡ ካብኦም ዝተኣኻኸቡ መንእሰያት ነፍሲ-ወከፎም በትሩ ናብ መኣዲ ዕጫ የቕርቡ። ወናኒ ናይ'ታ ዕጫ ዝበጽሖ በዓል በትሪ ድማ፡ ቐንዲ ዓርኪ ርእሲ ማለት "ዓራሰው" ንክኸውን ይሕረ ማለት እዩ። እቲ ዓራሰው ንኽልተ ካብኦም ኣዕሩኽ ክኹኑ ብስርዓትን ሕግን እቶም መንእሰያት ዝተመዘዙ ብዑት ከኣ፡ ብዝዕባ ኣገባብ ኣካይዳን ስዑምግቦርን ናይ ኣዕሩኽ ዝኪታተሉን ዝሕልውን ብሓላፍነት ይመርጽ።

ብድሕሪ'ዚ፡ እቶም ተኣኻኺቦም ዝቖጹ መንእሰያት ከም ልምዲ ኣብ እንዳ ጎይታይ እምባይተይ (እንዳ-መርዓዊ) ዝለዓል ነገራት ኢዶም ኣየእትዉሉን ወይ ኣይምልከቶምን እዩ። እቶም ዝተመርጹ ኣዕሩኽ ጥራይ ንኹሉ የመሓድሩዎ። ንምዝንጋዕን ጸወታን ኢሉ ዝመጸእ ጭፍራ መንእሰይ፡ ብዛዕባ ኣብ'ቲ ቤት ሕጻኖት ወኻዕኻዕ እናበለ ዝበልዖን ዝሰትዮን እኽለ ማይ ከይተረፈ ኣብ ዝጠን እቶም መንእሰያት ይወድቑ። በዚ መሰረት፡ መዓልታዊ እንተዘይ ኰይኑ፡ ኣብ ሳልሰቲ ገዙ ገዛ እናዘሩ ካብ'ቲ ዓዲ እንጀራ ዝምእርሩን ዘዋጽኡን ሰለስተ መንእሰያት የዳልዉ። እዚ ዕማም ከተግብሩ ዝተላእኩ መንእሰያት ድማ፡ ምልክት ኣዕሩኽ ዝኾኑት "ቅላዳትን" መአከቢ መግቢ ዝኾኑትን "ሰቦላን" ሒዞም ከምኡ ድማ ጸቡቕ ድምጺ ክህብ ዝኽእል ከቡሮ እናሃረሙ ብሓላፍነት ዓርኪ ርእሲ እናተኣለዩ ዝተወከሎም ዕማም የሳልሱ። እዚ ንምግባር ድማ ኑታ ዓዲ ወሰን ኣሎም ይዘሩዋ።

ብተወሳኺ ኣብ'ዚ ክትርሳዕ ዘይብላ 'ሰቦላ' ካብ ቆርበት ኣንስተይቲ ጠል እትሰራሕ ኰይና፡ ብእንዳ መርዓት እትመጻእ ቦርሳ እያ። ክዳውንቲ መርዓትን መርዓውን ከኣ ክቐመጠላ ይኽእል። ድሕሪ ግዜ፡ እታ መርዓት ምስ ሓረሰት ድማ፡ እታ ቆርበት ተጨዲዳ ማሕዘል ትኸውን።

ብልምዲ ማዓሳ እታ ዓዲ፡ ኑቶም ካብ ዝተፋላለያ ዓድታትን ቁሸታትን ዝተኣኻኸቡ መንእሰያት ኣዕሩኽ ከተፅግዕሎምን ከተድርርዎምን ሓላፍነታ ምኳኑ ስለትፈልጥን ስለትኣምንን ነፍሲ-ወከፍ ስድራ ናይ'ቲ ዓዲ ካብ ዘለዋ ትሕዝቶ ዝም ዓርከ መሰታ(ጐንበለ)፡ ኣሎ ዝበሃል እኽለ ማይ ከተዳሉ ንብርን ዝጸንሐን ልምዲ ብሄረ ሳሆ እዩ። በቲ ጸቡቕ ኣቐባብላ ናይቶም ዓዲ ዝተሓጎሱ እቶም ኣዕሩኽ፡ ኣብ መላእ ወሸጢ'ቲ ዓዲ እናዘሩ፡ ብዓውታ ከም'ዚ ዝስዕብ ናይ ምስጋናን ናእዳን ደርፊ የስምዑ።

ጥራትኩም ይብዛሓ ደሰሰናየ
ጥራትኩም ደሰሰናየ
እቲ ብሩኽ ዘርእኽን ይብዛሕ
ሰብኡትክን ከኣ ኣብ ጅግንነት የውዕሎም.....

እናበሉ ኣብ'ቲ ዓዲ ምስ ኩለሉ፡ እተን ስድራቤታት፡ ካብ ዘለወን ትሕዝቶ ማለት ገለ ገዓት ጠሰሚ፡ ገለ ቅጫ ሃንዛ፡ ገለ ጸባ፡ ቀሎ ወዘተ ክህባ እንከለዋ፤ ገለ ስድራቤታት ድማ እናተሓጎሳ ክሳብ ደዓኛን ምክትን የበርክታሎም።

ብኻልእ መዳይ፡ እቶም ኣዕሩኽ ዝዑብርዎ ሓደ ፍልይ ዝበለ ካብ ዝኽሪ ኣእምሮኦም ዘይሕከኽ ናይ ንእሰነት ልምድታት ኣለዎም። ንሱ ከኣ ናብዘን ስድራቤታት እዘን ዓድታት ከይተርእኻ ናብ ደንበ ቤተን ብምእታው፡ ኣዳህለልካ ከም ጠስሚ፡ መዓር፡ ጠልን ደርሆን ዝኣመሰላ ናይ ምውሳድ ዝግበር ልምዲ 'ሰርቂ መርዑ' እዩ። እዚም መንእሰያት፡ ኣብ'ዚ ወግዒ ዝዑብርዎ ናይ ምደህሳል ፍሉይ ስርሒት፡ ንምትዕጽጻፍን ብልሓምን ዝገልጽ እዩ። ተናፋቒ ጸወታ ዓርኩመሳታ ብምኳኑ ድማ ከም ገበን ኣይጥመትን። እኳ ደኣ ኣብ ምዕራፍ ንእሰነት ናይቶም መንእሰያት ከም ፍሉይ ፍጻመ እናተወረየ ይቕጸል።

እዚ ፍጻመ'ዚ ዘገኻኸርም ዓበይቲ ዓዲ፡ ሰብኣይ ይኹን ሰበይቲ፡ ንዕድመ ኮትትና ዝኣኸሉ ደቆም፡ ናይ ንእሰነት ሂወቶም እናዘከሩ ኑቲ ዘይምኖ ወግዒ የዕልልዎም እዮም። እዚ ልምዲ'ዚ ኣብ'ቲ "ማዓሳ" ክዑብርሉ ዝመደብዎ መዓልቲ ከም ገለ ኣሉም ዝኾነ ሕሩድ ምስ ዘይረኽቡን ከም ገለ ምስ ዘይሰልጦምን ናይ ግድን እዚ ስርሒት'ዚ ክዑብርዎ ዘለዎም ተግባራት እዩ። ብምዝንጋዕ ብመንእሰያት ማዓሳ ዝተወሰደ ጥሪት ይኹን ዝበላዕ መግቢ ካልእ ነገራት፡ ብስድራ እተን ዓድታት "ተወሰደኒ፡ ተሰረቐኒ" ኢልካ ምጥራዕን ምኽሳስን ኣይረኣን። ምኽንያቱ ከም ነውሪ ስለዘቖጽር፡ ዝኾኑት ስድራ'ውን በቶም ጐንበለ ዝተፈጸመ ነገራት ብፍጹም ከም'ዚ ኩይኑ ኢላ ኣይትሓትትን። ከምኡ'ውን ጸልኢን ቂምታን ኣይተሓዝን። ኣብ'ታ ቅንያት እትኣ ዝም መንእሰያት ግዜኦምን ወቕቶምን ብምኻና ከም ክቡር ቀውዒ፡ ሹቡዓዕዓዕን ደርጓፅጓፅን እናበሉ ለኻኺምምኻ ክዕዘሩ ይኽእሉ እዮም። ምኽንያቱ ዝጸንሐ ፍትው ልምዶምን እዋን ንእሰኦምን ስለዝኾኑ። ከም ወዮ ቅድም ኢልና ዝጠቐስናዮ ዋሕስ የብሎም፡ ዕዳ የብሎም፡ ዝጸንሐ ደጽናሓዮም፡ ብፍስሃ ንቕድሚኦም ከም ብተይ ቀውዒ ፊዕ ምባሎም ዘይተርፍ እዩ።



ወግዒ ይሳተፉ። ኣማስያን ጸልማት ተጎልቢቡን ከይተረእያ ይመጻ'ሞ፡ ኣብ በሪ ቤት እንዳ መርዓውቲ ምስ ደቂ ዓደን ይተኣኻኸባ። ብድሕሪ'ዚ ዓርከ መርዓውቲ ብዕልልታ ኣሰንዮም ይቕበልዎም። ከም ልምድን ኣገባብ ወግዕን እንዳ መርዓውቲ ድማ ኑቲ ንልዕሊ ኣርበዓ መዓልታት ልዕሊ ካልእ እዋን ኣብ ግዜ ሕጻኖቱ ዝኸበረ መርዓዊ፡ ምውቕ ሰላምታ ብምልጋስ በጦታኦም ይሕዝ። ከምኡ ዝግበረሉ ምኽንያት ድማ መርዓዊ ንገስ ናይ'ቲ ግዜ ብምኳኑ እዩ።

ኣብ ግዜ ምልውዋጥ ሰላምታ፡ ምናልባት በቶም ኣዕሩኽ ተደናጊሮም፡ ቅድሚ መርዓዊ ንኻልእ ሰብ ሰላም እንተደኣ ኣሉም ወይ እንተ ኣለን ብቖጥታ ብስሩስርዓትን ሕግን ማዓሳ ገበኛታት ተቖጺሮም ስጉምቲ ይውሰደሎም። ሽዑ ንሽዑ ድማ ዝገበርዎ ገበን መታን ክቕበሉ ብመጸዓን ምራን ከም ዝእሰሩ ይግበር።

ካብ ትሕቲ ቀይዲ ሕጊ እቶም ጎንበለ ክወጹ እንተኾይኖም ድማ ብኣላይነትን ብመንጎኝነትን ዋሕስ ከም ዝፍትሑ (ይፍትሓ) ይግበር። ከም'ዚ ክኸውን እንከሎ ግን ብዚይ ዝኾነ መብጽዓ ትም ኢሎም ኣይፍትሑን እዮም። ንእንዳ መርዓውቲ ደርሆ፡ ጤል፡ ወይ ከኣ ገንዘብ ብምኽፋል ናጻ ከም ዝለቐቑን ይግበር። ከምኡ'ውን ንመርዓዊ ኣብ ብርኩ ብምስላምን ብምስዓምን ኣብ ቕድሚ'ዚ ኩሉ ዓርኩመሰታ ከም ዝሰዕሰዑን ወይ ዝስዕሳዓን ይግበር።



ብድሕሪ'ዚ ነገራት'ዚ ዝመጽእ እንተደኣ ሃልዩ፡ እቶም ኣዕሩኽ ኑቲ ሳዕልን ታሕትን ኣሉም ውዳዲሶም ዝኣኩብዎ እኽሉ-ማይ ሒዞም፡ ካብ መን እንታይ ዓይነት ህያብ ተበርኪቱሎም፡ ብሕጊ ማዓሳ ብኣገባብ እንናገልጹ፡ ንበዓል መዘዙት ዝኾነ ዓርኪ ርእሲ ብስሩስርዓት የረክብዎ። ብድሕሪ'ዚ ኩሎም መንእሰያት ናይ'ታ ዓዲ፡ ዋላ'ውን ክሕጻና ዝሓጊያ መርዑት ከይተረፋ ኣብ'ቲ

ኣብ'ዛ ህሞት እዚኣ ዘሎ ወኻዕኻዕ ካብ ዝኽሪ ገጻት ንእሰነት ዝኽወል ኣይኮነን። ኣብ መውዳእታ ድማ ኑቲ ዘምጸእዎ ሕሩድን ሽሻይን "ሶላ" ማለት "ሓኽለ" ኣብሲሎም ንኣጋይሽ ይዕድልዎ። ዝበሰለ ስጋ "ሶላ" ምስ ተዓደለ ድማ "ዓያንታ" ተባሂሉ ዝፍለጥ ኣብ እንዳ መርዓቲ ብጉፋ ዝጽወት ዓይነት ጸወታ ክሳብ ወጋሕታ ክጻወቱ ይሓድሩ። ናይ ፈንጠዝያን ደስደስን ህሞት ድማ ይኸውን። ትሕዝቶ ናይ'ቲ እናተጫረቑ ዝጻወትዎ ደርፍታት፡ ንመርዓውን መርዓትን ከምኡ'ውን ንወለዶም ዝንእድ ወይ ዘመጉስን እዩ። እዚ ጸወታ'ዚ፡ ካብ ካልኦት ወግዕታት ብሄረ ሳሆ ፍልይ ዝበለ ኣገባብን መሳጢ ኣዘያይምን ስለዘለዎ ድማ ኣዝዩ ሱሓቢ ይገብሮ። እዚ ንልዕሊ ወርሒ ምድላዋት ዝተገበረሉ ፍትው ወግዒ 'ማዓሳ' ድማ ከም'ዚ እናበለ ናብ ምዝዛም ገጹ ይኸይድ።



ምልክታ

ናጽነት ደስበለ - ሓበን ገብረኣምላኽ - ሳምራዊት መለስ

## 1ይ ቤት-ፍርዲ ዞባ ማእከል ኣስመራ

እማቤት ተስፋህኒይ፡ ተጸዋዒት ኣማረሽ በየነ ሃይሉ፡ ኣብ ምስራዝ ሰበዋ ክሲ ቀሪቡልኪ ስለዘሎ፡ ብኣካል ወይ ብሕጋዊ ወኪል ን7/10/24 ኣብ ቤ/ፍ ቁ.47 ቅረቢ፡፡ እንተዘይቀሪብኪ፡ ጉዳይኪ ኣብዘየለኽሉ ክረአ ምዃኑ ንፈልጥ፡፡

ልጃጅ ኣብራሃም ምባል ተሪፉ፡ ልጃም ኣብራሃም ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለዝበለ፡ ዝቃወም እንተሎ፡ ን22/8/24 ኣብ ቤ/ፍ ቁ.47 ይቕረብ፡፡

ወ/ሮ ጸገ ግደ ኣብርሃ፡ ብዓል ቤተይ ገብረእግዚኣብሄር ተስፋዝጊ ገብረወልዲ ስለዝዓረፈ፡ ንዓይ ናይ መጻምዲ ማሰለይ ይተሓለወለይ፡ 4 ደቁ ድማ ወረስቲ ምዃኖም ይረጋገጸሎም ስለዝበለት፡ ዝቃወም እንተሎ፡ ን4/11/24 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ፡፡

ኣብ መንጎ ከሳሲት ወ/ሮ ኣስመረት ሃብቱ ገብረሚካኤል፡ ተኸሳሲት ወ/ሮ ትርሓስ ገብረኣብ ወልደየውሃንስ ዘሎ ናይ ስም ምትሕልላፍ ጉዳይ፡ ተኸሳሲት ኣድራሻኺ ስለዘይተፈልጠ፡ ብጋዜጣ ሓዳስ ኤርትራ ተጸዊዕኪ ን3/10/24 ኣብ ቤ/ፍ 6ይ መጋባእያ ቁ.41 ቅረቢ፡፡ እንተዘይቀሪብኪ፡ ጉዳይኪ ኣብዘየለኽሉ ክረአ ምዃኑ ንፈልጥ፡፡

## 1ይ ቤት-ፍርዲ ዕዳጋ እኽሊ

የርሳሌም የማነ ወልደገርግሽ ምባል ተሪፉ፡ የርሳሌም የማነ ገብረገርግሽ ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለዝበለት፡ ዝቃወም እንተሎ፡ ን3/10/24 ኣብ ቤ/ፍ 8ይ መጋባእያ ይቕረብ፡፡

## 1ይ ቤት-ፍርዲ እምባደርሆ

ከሳሲት ወ/ሮ መርሃዊት ተስፋልደት ተስፋይ፡ ተኸሳሲ ሓጎስ ተኽለብርሃን ግርማይ፡ ናይ ሓዳር ክሲ ቀሪቡልካ ስለዘሎ፡ ብኣካል ወይ ብሕጋዊ ወኪል ን25/9/24 ኣብ ቤ/ፍ ቅረብ፡ እንተዘይቀሪብካ፡ ጉዳይካ ኣብዘየለኻሉ ክረአ ምዃኑ ንፈልጥ፡፡

## 1ይ ደረጃ ቤት-ፍርዲ ዓዲ ጓዕዳድ

ሳሮን ገብረብርሃን ከስቱ፡ ስም ኣደይ ወይኒ ሰረቀ ተኽሉ ምባል ተሪፉ፡ ወይኒ ሰረቀብርሃን ተኽሉ ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለዝበለት፡ ዝቃወም እንተሎ፡ ን25/9/24 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ፡፡

ዳዊት ገብረብርሃን ከስቱ፡ ስም ኣደይ ወይኒ ሰረቀ ተኽሉ ምባል ተሪፉ፡ ወይኒ ሰረቀብርሃን ተኽሉ ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለዝበለት፡ ዝቃወም እንተሎ፡ ን25/9/24 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ፡፡

## 1ይ ቤት-ፍርዲ ዓዲ ተከሌዛን

የዲት ብርሃ እምባዬ፡ ብዓል ቤተይ ተኽሉ ዘርእማርያም ስለዝተሰወአ፡ ንዓይ ናይ መጻምዲ ማሰለይ ይተሓለወለይ፡ 2 ደቅና ድማ ወረስቲ ምዃኖም ይረጋገጸሎም ስለዝበለት፡ ዝቃወም እንተሎ፡ ን19/9/24 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ፡፡

## 1ይ ቤት-ፍርዲ ድባርዋ

ወ/ሮ ቅሳነት ሰለሙን ሓድጉ፡ ሚካኤል ገዚኢ ላዩን ስለዝተሰወአ፡ 13ሉ ወረስቲ ምዃና ይረጋገጸላ ስለዝበለት፡ ዝቃወም እንተሎ፡ ን18/10/24 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ፡፡

ወ/ሮ ሓረጉ ሞሳዝጊ ኣብደ፡ ብዓል ቤተይ ተኽለሚካኤል ዑቕበ መንሾ ስለዝዓረፈ፡ ንዓይ ናይ መጻምዲ ማሰለይ ይተሓለወለይ፡ 2 ደቅና ድማ ወረስቲ ምዃኖም ይረጋገጸሎም ስለዝበለት፡ ዝቃወም እንተሎ፡ ን25/10/24 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ፡፡

ከሳሲት ወ/ሮ ትርሓስ ወልደሃዋርያት ገብረእንድርያስ ተኸሳሲ ተኽለ ዑቕባሚካኤል ማዘሎ፡ ናይ ኣባት ክሲ ቀሪቡልካ ስለዘሎ፡ ብኣካል ወይ ብሕጋዊ ወኪል 16/10/24 ኣብ ቤ/ፍ ቅረብ፡ እንተዘይቀሪብካ፡ ጉዳይካ ኣብዘየለኻሉ ክረአ ምዃኑ ንፈልጥ፡፡

ከሳሲት ገነት ኣሕፈሮም ገብረታትዮስ፡ ተኸሳሲ መሓሪ ተስፋማርያም ሓይላይ፡ ናይ ሓዳር ክሲ ተመስሪቱልካ ስለ ዘሎ፡ ብኣካል ወይ ብሕጋዊ ወኪል ን25/10/24 ኣብ ቤ/ፍ ቅረብ፡ እንተዘይቀሪብካ፡ ጉዳይካ ኣብዘየለኻሉ ክረአ ምዃኑ ንፈልጥ፡፡

## 1ይ ቤት-ፍርዲ ዓዲ ኳላ

ኾኾብ ዳኒኤል ተስፋዝጊ ምባል ተሪፉ፡ ስምረት ዳኒኤል ተስፋዝጊ ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለዝበለት፡ ዝቃወም እንተሎ፡ ን27/9/24 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ፡፡

## 1ይ ቤት-ፍርዲ ደቀምሓረ

ሉና ዳኒኤል ኣርኣያ ምባል ተሪፉ፡ መግደላዊት ጃኮብ ካፓንትየክ ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለዝበለት፡ ዝቃወም እንተሎ፡ ን10/10/24 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ፡፡

ገብርኤል ዳዊት ምባል ተሪፉ፡ ዩርዳኖስ ዳዊት ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለዝበለት፡ ዝቃወም እንተሎ፡ ን9/10/24 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ፡፡

ኣቶ ያቆብ ሃይለማርያም፡ ወኪል ሃይለማርያም ጸጋይ፡ ዶ/ር ተኽለማርያም ዘነ ስለዝዓረፈ፡ ብሰበዋ ዝበደሬለይ ኣብ ዞባ ደቡብ ደቀምሓረ ዝርከብ ገዛን መኪናን ይጽደቐለይ ስለዝበለ፡ ዝቃወም እንተሎ፡ ን10/10/24 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ፡፡

## 1ይ ቤት-ፍርዲ ማይ ምነ

ወ/ሮ መድሃኒት ተኽላይ ማሰፍን፡ ስም ኣደይ ሸሻይ ኣርኣያ ምባል ተሪፉ፡ ጉያይ ኣርኣያ ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለዝበለት፡ ዝቃወም እንተሎ፡ ን5/10/24 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ፡፡

## 1ይ ቤት-ፍርዲ ባረንቱ

ሴም ሰለሙን ኣረጋይ ምባል ተሪፉ፡ ኤስሮም ሰለሙን ኣረጋይ ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለዝበለ፡ ዝቃወም እንተሎ፡ ን2/10/24 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ፡፡

## 1ይ ቤት-ፍርዲ ተሰነይ

'ኣሕመድ ሓጅ ሳልሕ ኣሕመድ ምባል ተሪፉ፡ ኣሕመድ ሓጅ ሳልሕ ኣሕመድ ኢብራሂም ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለዝበለ፡ ዝቃወም እንተሎ፡ ን15/8/24 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ፡፡

## 1ይ ደረጃ ቤት-ፍርዲ ኣቑርደት

ኣመልከትቲ 1.ኣቶ የማነ ሙብራህቱ እንግዳ 2. ኣቶ ጴጥሮስ መሓሪ ወ/ሚካኤል ዝተባህሉና፡ ብስም ነ/ሄር ዓ/ቃድር ኣልሓሰን መሓመድ ብወረስቲ ደቁ ዝኾና ተጸዋዕቲ 1. ወ/ሮ ሓሊማ መ/ድ ሕሴን ብዓል ቤታን ጓሉን 2. ወ/ሮ ረያእ ዓ/ቃድር ኣልሓሰን ዝተበሃላ ብዕለት 28/11/2003 ናይ ውዕል መሸጣ ገዛ ስለ ዝገበራልና፡ እዚ መንበሪ ገዛ ብሎክ (BlocK 29) ፍሉይ ቁ. 5 ዝርከብ ናይ መዋቲ ዝኾነ ሓንቲ መረበዕ ምስ ምሉእ ካንሸሎ ዝኾነ ስፍሓቱ 600 ት/ሜትሮ ዝኾነ ናብ ስምና ክመሓለለፍ ኣድራሻኦ ስለ ዘይተፈልጠ፡ ተጸዋዕቲ ብጋዜጣ ሓዳስ ኤርትራ ይጸውዓልና ስለ ዝበለ፡ ዝቃወም እንተሎ፡ ብኣካል ወይ ብሕጋዊ ወኪል ን23/9/24 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ፡፡

ኣቶ እድሪስ ዓብደላ ዓሊ፡ ወዲ ወደይ ኣሮን ዑሰማን ኢድሪስ ምባል ተሪፉ፡ ሳልም ዑስማን እድሪስ ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለ ዝበለ፡ ዝቃወም እንተሎ፡ ን23/9/24 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ፡፡

ብስም ምንያ ተወልደብርሃን የውሃንስ ኣብ ዓዲ/ከበቢ ቁሸት ብመወከሲ ቁጽሪ 224 ቁጽሪ ምስክር ወረቐት 004238 ፕሎት 32 ፓርሰል D ንመንበሪ መዓላ ዝተዓደለኒ ምስክር ወረቐት ስለዝጠፍኣኒ፡ ዝረኸበ ወይ ብዕዳ ሒዙዎ ዝበለ እንተሎ፡ ብቑጽሪ ስልኪ 07528588 ክሕብረኒ፡፡ እንተዘይሓቢሩ ግን ሙተካእትኡ ንክዎምልከቶ ኣካል ክሓትት ምዃነይ እሕብር፡፡

ምንያ ተወልደብርሃን የውሃንስ

ኣመልካቲት ፋና ባህቱ ዝተባህልኩ፡ ብስም መዋቲ ነ/ሄር ደሕደን ንጉሰ ዝተመዝገበ ገዛ፡ ኣነ ምስ ሓሙሽተ ደቀይ ወረስቲ ምዃንና ቤት ፍርዲ ዘረጋገጸልና፡ ኑቲ ኣብ ኣስመራ ምምሕዳር ንኡስ ገዛ ጥንዳ ዝርከብ ኣብ ስፍሓት መሬት 500 ት/ሜ ዝተደኮነ ፕሎት 29 ፓርሰል f ቀንዲ ክፍሊ 7 ምስ 4 ተሓጋጋዚ ቁጽሪ ሊብሬቶ 105731 መወከሲ ቁጽሪ 100062 ASP00000920 Asd00002074 ዝኾነ ገዛ ብቑጽሪ ምዝገባ ንብረት 1BRASM016196 ብስም ወራሲና ዝተመዝገበ ናብ ስምና ክመሓላለፍ ስለዝደለና፡ ዝቃወም እንተሎ፡ ካብ ዝምልከቶ ቤት ፍርዲ መኣገዲ ሓዙ ወይ ናይ መውዳእታ ውሳነ (ይግባይ ዝተባህለሉ እንተኾይኑ) ሒዙ ኣብ ውሽጢ 30 መዓልቲ ኣብ ቤት/ጽ ነታዮ ዞባ ማእከል ይቕረብ፡፡

ፋና ባህቱ

ኣነ ወ/ሮ ዘውዲ ኪዳነ ፍስሃ ዝተባህልኩ፡ ኑቲ ኣብ ዞባ 1 ምም/03 ዞባ ደቡብ ን/ዞባ ሰገነይቲ ዝርከብ ንብረት፡ ብኮምሽን ኣባይቲ ብቑ.መወከሲ 540214 ብዕለት 12/02/1996 ዓም ዋንነቱ ናይ ጥሻይ ገብረስላሴ ኪዳነ ምዃኑ ዝተረጋገጸ ገዛ ስለዝዓደግኩዎ'ሞ ዋንነቱ ናብ ስመይ ክመሓላለፍ ስለዝደለኹ፡ ዝቃወም እንተሎ፡ ኣብ ውሽጢ 30 መዓልቲ ካብ ዝምልከቶ ቤት ፍርዲ መኣገዲ ወይ ናይ መውዳእታ ውሳነ ሒዙ ናብ ቤ/ጽ ክፍሊ ተኽለ ን/ዞባ ሰገነይቲ ይቕረብ፡፡

ወ/ሮ ዘውዲ ኪዳነ ፍስሃ

ኣመልካቲ ሳልሕ እድሪስ ዑመር ዝተባህልኩ፡ ካብ ዓብድረዛቕ መሓመድብርሃን +9 ዝዓደኩዎ ገዛ፡ ኣብ ኣስመራ ንኡስ ዞባ ኣኽርያ ምህራም ጭራ ጎደና 159-30 ዝርከብ፡ ብዘሐ ክፍሊ 3 ምስ 2 ተሓጋገዝቲ ዘጠቓለለ፡ ASP00027025 ASD00024395 ቁጽሪ ምዝገባ ንብረት 1BRASM018920 ኣብ ቤ/ጽ ካዳስተር ብስም ሸየጥቲ ዝተመዝገበ ስለዝዓደኩዎ'ሞ ናብ ስመይ ክመሓላለፍ ስለዝደለኹ፡ ዝቃወም እንተሎ፡ ካብ ዝምልከቶ ቤት ፍርዲ መኣገዲ ወይ ናይ መውዳእታ ይግባይ ዝተባህለሉ ሒዙ ኣብ ውሽጢ 30 መዓልቲ ኣብ ቤት/ጽ ኖታዮ ዞባ ማእከል ይቕረብ፡፡

ሳልሕ እድሪስ

## ምልክታ ጨረታ

ቤ/ት/መባ/ማ/ደ/ዓዲ ንፋሱ ንዝተሰበረ ናይ ተመሃሮ ሰደቓ (ዴስክ) ክሉሓም፡ ዝመለቖ ሽ.ተ ክጥፖም ከም ኡ'ውን ናይ ዓይኒ ምድሪ ማዕጾ ታሕተዋይ ክፋሉ ተበሊዑ ስለዝተበላሸወ ንኽዕሪ ከም ኡ'ውን ናይ መምህራን ሰተር (ኩበሓ) መፍትሕ ዝዕሪ ክዕሪ ዝመለቖ ሽ.ተ ድማ ክጥፖም ስለዝደለየ ተጫረትቲ ይዕድም፡፡

ተጫረትቲ ከማልእዎ ዘለዎም

* ናይ 2019 ዝተሓደሰ ፍቓድ ንግዲ 2021 ክለራንስን ናይ ታሰራ ፎቶ ኮፒን የቕርቡ፡፡
* ናይ 2023 መረጋገጺ ሰድ ካብ ዕዳ ናጻ፡፡
* መኽበሪ ጨረታ 3000 (ሰለስተ ሽሕ ናቕፋ) ብቐዳምነት የትሕዙ፡፡
* ተጫራታይ ሃገራዊ ግቡኡ ዝፈጸመ ወይ ዘይምልከቶ ክኸውን ይግባእ፡፡
* ምልክታ ጨረታ ካብ ዝወጸሉ ግዜ ጀሚሩ ን5 መዓልታት ክፋት ኮይኑ፡ ሰድ ጨረታ ካብ ቤ/ት/መባ/ማ/ደ/ዓዲ ንፋስ ዞባ ማእከል ኣብ ናይ ሰዓታት ስራሕ ዘይምለስ ናቕፋ 50 (ሓምሳ) ብምኽፋል ክወስዱ ይኽእሉ፡፡
* ጨረታ ድሕሪ ምዕጻው ቀጺላ ኣብ ዘላ ናይ ስራሕ መዓልቲ፡ ሰዓት 10፡00 ቅ.ቀትሪ ተጫረትቲ ወይ ሕጋውያን ወከልቲ ኣብ ዝተረኽበሉ ኣብ ቤ/ት/መባ/ማ/ደ/ዓዲ ንፋስ መጫረቲ ሰታሪት ይኸፈት፡፡
ቤ/ት/መባ/ማ/ደ/ዓዲንፋስ ዝሓሸ ኣማራጺ እንተረኺቡ፡ ብምሉእ ወይ ብኽፊል ጨረታ ናይ ምስራዝ መሰሉ ዝተሓለወ እዩ፡፡

ቤ/ት/መባ/ማ/ደ/ዓዲንፋስ

## ምልክታ ጨረታ

ኩባንያ ስርሓት ሓጺንን ዕንጸይትን ሰምባል፡ ኣብ ትሕቲኡ ዝርከብ ቤት ሻሂ ክኮርዮ ስለዝመደበ፡ ንግዱሳት ተጫረትቲ ይዕድም፡፡

ተጫራቲ ከማልኦን ክፈልጦን ዘለዎ ነጥብታት፡

* ናይ 2019 ዝተሓደሰ ንግዲ ፍቓድ፡ ከም ኡ'ውን ግብሪ መንግስቲ ናይ 2022 ዝኸፈለሉ ምስ ቅዳሕ ኤርትራዊ መንነት ወረቐትን ኮርንትን ከቕርብ ይግባእ፡፡
* ተጫራቲ ብውሑዱ ናይ (ሰለስተ) ዓመታት ተመኩሮ ስራሕ ዘለዎ፡፡
* ተጫራቲ ናይ ዘቕረቦ መጫረቲ ዋጋታት ብሰታሪት ዓሺጉ ኣብ ቤት ጽሕፈት ኩባንያ ስርሓት ሓጺንን ዕንጸይትን ሰምባል ክፍሊ ዋጋን ባጀትን ኣብ ናይ ስራሕ ሰዓታት የቕርብ፡፡
* ተጫራቲ ንመኽበሪ ጨረታ ናቕፋ 5,000.00 (ሓሙሽተ ሽሕ ናቕፋ) ብ (cpo) ዝተዳለወ ትሕጃ የትሕዙ፡፡
* ተጫራቲ ሃገራዊ ግቡኣት ዘማልአ (ዝፈጸመ) ወይ ዘይምልከቶ ምዃኑ፡ ካብ ሚ/ሪ ምክልኻል ሰታፍ ምምሕዳር ዝተዋህበ መረጋገጺ ከቕርብ ይግባእ፡፡
* ምልክታ ጨረታ ኣብ ጋዜጣ ሓዳስ ኤርትራ ካብ ዝወጸሉ ዕለት ኣትሒዙ ን10 ተኸታታሊ ናይ ስራሕ መዓልታት ክፋት ኮይኑ፡ ንጽባሒቱ ኣብ ናይ ስራሕ መዓልቲ ሰዓት 10፡00 ቅ.ቀ ተጫረትቲ ወይ ሕጋውያን ወኪላት ኣብ ዘለዉሉ ኣብ ቤት ጽሕፈት ትካል ይኽፈት፡፡
* ኩባንያ ዝሓሸ ኣማራጺ እንተደኣ ረኺቡ፡ ነዚ ጨረታ'ዚ ብኽፊል ወይ ብምሉኡ ናይ ምስራዝ መሰሉ ዝተሓለወ እዩ፡፡

ኩባንያ ስርሓት ሓጺንን ዕንጸይትን ሰምባል
ኣስመራ

# ስፖርት

ሙሴ ገ/እግዚኣብሄር

## ደሃይ ኦሎምፒክ ፓሪስ 2024

### ተሰፋልደት መብራህቱ ፓሪስ

ሃገራዊት ጋንታ ኤርትራ፡ ሎሚ ባሕቲ ነሓሰ ኣብ ካልኣይ ናይ ኦሎምፒክ ውድድር ክትጽመድ'ያ። ሎሚ ሃገራዊት ጋንታ ኤርትራ ኣብ ውድድር ምሕንባስ'ያ ብመንገዲ ኣሮን ኦወሱ ክትወከል። ኣብዚ ከተማ ፓሪስ ተኣንጊዶ ዘሎ መበል 33 ውድድራት ኦሎምፒክ፡ ኤርትራ ብሰለስተ ዓይነት ውድድራት ማለት ብምሕንባስ፡ ቅድድም ብሽክለታን ውድድራት ኣትሌቲክስን'ያ ክትወዳደር።

ኣብ ውድድር ምሕንባስ ክልተ ኣትሌታት ማለት ኣሮን ኦወሱን ክሪስቲና ራችን እዮም ማልያ ሃገራዊት ጋንታ ኤርትራ ወድዮም ኣብ ላ ደፈንስ ኣረና ክረኣዩ። ብመሰረት እቲ ወጺኡ ዘሎ ናይ ጸወታ ሰሌዳ ኣሮን ሎሚ ካብ ሰዓት 11:00 ቅድሚ ቀትሪ ጀሚሩ ኣብ ናይ 50 ሜትር ናይ ናጻ ምሕንባስ ውድድር ክኣቱ'ዩ። እዚ ወዲ 17 ዓመት ሓንባሳይ፡ ኣብዚ ናይ ሎሚ ውድድር ኣብ ሂት 4 መስመር ቁጽሪ 6 ሒዙ'ዩ ናይ መጻረዪ ጸወታኡ ክካየድ። ኣሮን ካብዚ ናይ መጻረዪ ጸወታ ብሉጽ ወጽኢትን ግዜን እንተደአ ኣመዝጊቡ ናብ ዝቕጽል ውድድር ክሓልፍ'ዩ። ምስ ዕድመኡ ብምንጽጻር ኣሮን ዋላ'ኳ ኣብ ከምዚ ዓይነት ዓቢ ውድድር ንፉልማይ ይወዳደር እንተሃለወ፡ እኹል ምድላዋት ኣካዪዱ ብምህላዉ ኣብ መኣርዕ ዓብይቲ ሓንበስቲ ዓለም ጥንፈራ ሃገሩ ምስቃሉ ርእሱ ዝሸኣለ ሓደ ታሪኽ'ዩ።

ኣሮን ኣብ ከተማ ዶሓ ኣብ ዝተኻየደ ሻምፕዮን ምሕንባስ ዓለም፡ ኣብ ሰለስተ ዓይነት ውድድራት ክሳተፍ ዕድል ረኺቡ ምንባሩ ኣይርሳዕን። ንውድድር 50 ሜትር ናጻ ምሕንባስ ብ25:66፡ ንውድድር 50 ሜትር ጽምብላሊዕ ብ28:51፣ ንውድድር



100 ሜትር ጽምብላሊዕ ከኣ ብ1:05.63 ክውድኦ ከም ዝሸኣለ ደማ ሰነዳት ማሕበር ውድድር ምሕንባስ ዓለም የረድኣ።

ሃገራዊት ጋንታ ኤርትራ ኣብ ውድድራት ኦሎምፒክ ሎሚ ዓመት ንፈለማ ግዜ'ያ ብኽልተ ሓንበስቲ ትውከል ዘላ። ኣብ ናይ ዝሓለፈ ውድድር ኦሎምፒክ ቶክዮ ብሓደ ሓንባሲ ተወኪላ ምንባራ ኣይርሳዕን። ኣብ ናይ ደቂ ኣንስትዮ ናይ 50 ሜትር ናጻ ምሕንባስ፡ ኤርትራ ብክሪስቲና ራች እያ ክትወከል። እዛ ኣትሌት ኣብ ርዋንዳ ኣብ ዝተኻየደ ናይ ዝሓለፈ ዓመት ውድድራት ምሕንባስ ኣናኣ፡ ንሃገራ ወርቂ ዝርከቦ ድርብ መዳልያታት ከተምጽእ ከም ዝሸኣለት ኣይርሳዕን።

ብዘይካ'ዚ፡ ኣብ ጋና ኣብ ዝተኻየደ መበል 13 ግጥሚት መላእ ኣፍሪቃ (All African Games) እውን ማልያ ሃገራዊት ጋንታ ኤርትራ ወድያ ዘተባብዕ ወጽኢት ከተምጽእ ከም ዝሸኣለት ኣይርሳዕን።

ክሪስቲና ኣብ ማሕበር ምሕንባስ ዓለም ተታሓዚላ ዘሎ ናይ 50 ሜትር ናይ ናጻ ምሕንባስ ግዜ ኋል 15 ዓመት ከላ ብ23 ግንቦት 2023 ኣብ ጀርመን ዘዝረመቶ 27:74 እዩ።

ሃገራዊት ጋንታ ኤርትራ፡ ጽባሕ 2 ነሓሰ እያ ብናይ 10 ሽሕ ሜትር ናይ ደቂ ተባዕትዮ ውድድር ናይ ኣትሌቲክስ ጸወታኣ ክትጅምር። ኣብዚ ርሕቀት፡ ኤርትራ ንኣትሌት መርሃዊ መብራህቱ እያ ከተሳትፍ። ወዲ 20 ዓመት ኣትሌት መርሃዊ መብራህቱ፡ ኣብዚ ዓመት ሓደ ካብቶም ኣብ ጸቡቕ ቀመና ዘለዉ ኤርትራውያን ኣትሌታት ምዃኑ'ዩም ተንተንቲ ናይዚ ዓውዲ ስፖርት ኣብ ዝሓለፈ ዓመት ብምቕራብ ዘረድኡ። እዚ ዝሓለፈ ዓመት ኣብ ከተማ ቡዳፐስት ሃንጋሪ ኣብ ዝተኻየደ ሻምፕዮን ኣትሌቲክስ ዓለም ኣብ 10 ሽሕ ሜትር ማልያ ሃገራዊት ጋንታ ኤርትራ ወድዩ ዝተወዳደረ ኣትሌት፡ ኣብ ወርሒ ጥሪ ናይዚ ዓመት ኣብ ስጳኛን ኣስትርያን ናይ 10 ሽሕ ከምኡ'ውን ናይ 5 ሽሕ ውድድር ኣካዪዱ ከም ዝበረ ሰነዳቱ ይሕብሩ።

ንሱ ብ14 ጥሪ ኣብ ስጳኛ ኣብ ዝገበሮ ናይ 10 ሽሕ ሜትር 26 ደቒቕ፡ 55 ካልኢትን 51 ንኢሽ ካልኢትን ግዜ ብምህራም ንውድድር ኦሎምፒክ ዘሳትፎ ሚኒማ ከመዝግብ ከሎ፡ ድሕሪ ኦሎምፒካዊ ኣትሌት ዘርእሰናይ ታደሰ ከኣ ን10 ሽሕ ሜትር ብትሕቲ 27 ደቒቕ ዝወደአ ናይ ፈለማ ኤርትራዊ ኣትሌት ዝብል ክብሪ ደማ ክረክብ ክኢሉ።

ኣብ ኣስትርያ ኣብ ዝተገብረ ናይ 5 ሽሕ ሜትር ውድድር ከኣ ብ13 ደቒቕ፡ 4 ካልኢትን 49 ንኢሽ ካልኢትን ተኸላሚ ብሩር መዳልያ ክኸውን በቒዑ ነይሩ። ኣትሌት መርሃዊ መብራህቱ ድሕሪ'ቲ ብ20 ግንቦት 2023 ኣብ ስጳኛ ዝገበሮ ናይ 10 ሽሕ ናይ ትራክ ውድድር'ዩ ኣብ ወርሒ ሓምለ ናይቲ ዓመት ኣብ ሻምፕዮን ኣትሌቲክስ ዓለም ቡዳፐስት ተወዳዲሩ።

ኣብዚ ናይ ስጳኛ ውድድር ን10 ሽሕ ሜትር ብ28 ደቒቕ፡ 07 ካልኢት 91 ንኢሽ ካልኢት ክውድኦ ከሎ፡ ኣብ ዓመቱ ደማ እዚ ግዜ ብሓደ ደቒቕን 12 ካልኢትን ከመሓይሾ ክኢሉ። እዚ ከኣ እዚ ኣትሌት ኣብ ውሽጢ ሓደ ዓመት እንታይ ዓይነት ለውጢ ገይሩ ከም ዘሎ ዘረድእ'ዩ።

ኣብ 2022 ኣብ ኦሬጎን ኣብ ዝተኻየደ ሻምፕዮን ኣትሌቲክስ ዓለም ማልያ ሃገራዊት ጋንታ ኤርትራ ወድዩ ኣብ 5 ሽሕ ሜትር ብምውድዳር ምስ ቀዳሞት 10 ብሉጻት ኣትሌታት ኮይኑ ውድድር ዝወደአ ኣትሌት መርሃዊ መብራህቱ፡ ትማሊ ድሕሪ ቀትሪ'ዩ ኣብ ኤርትራ ምድላዋቱ ብምጽኣፍ ናብ ከተማ ፓሪስ ኣትዩ። ንሱ፡ ኣብ ቁሸት ኦሎምፒክ ሃገራዊት ጋንታ ኤርትራ ኣብ ዝበጽሓሉ "ዝኣኽለ ምድላዋት ኣካይደ ኣለኹ። ጸቡቕ መጻልቲ ጥራይ የውዕለና። ሎሚ ዓመት ኣብ ጸቡቕ ቀመና ከም ዘለኹ'ዩ ዝርደኣኒ። ተስፋ እገብር ከኣ ጸቡቕ ወጽኢት ከመዝግብ" ኢሉ።

ኣትሌት መርሃዊ መብራህቱ፡ ድሕሪ ውድድር ሻምፕዮን ኣትሌቲክስ ዓለም ኣብ ዝተፈላለዩ ናይ ጉያ ኣቋራጭ ውድድራት ብምስታፍ ብሉጽ ወጽኢት ከመዝግብ'ዩ ጸኒሑ። ኣብዚ ዓውዲ ብደረጃ ዓለም ብማሕበር ኣትሌቲክስ ኣብ ዝወሃብ ደረጃ ኣትሌታት ድማ ምስ ቀዳሞት ክስራዕ በቒዑ ነይሩ'ዩ። እዚ ደረጃ'ዚ፡ ነዚ ኣትሌት ኣብ ውድድር ኦሎምፒክ ፓሪስ 2024 ክኣትዎ ክኢሉ ነይሩ'ዩ። ጸዑቕ ልምምድ ድሕሪ ምክያዱ ግን ደረጃኡ ንምፍላጥ'ዩ ኣብዚ ኣብ ስጳኛ ዝተኻየደ ውድድር ብምስታፍ ትሕቲ 27:00 ግዜ ክዘርግም በቒዑ።

ኣብዚ ውድድር ኑየም ጽባሕ ምሸት ክዕወቱ ይኽእሉ'ዮም ተባሂሎም ተገሚቶም




ዘለዉ ኣትሌታት ረኺብዎም ነይሮም'ዩ። እዚ፡ ኣብ ርእሲ ምትእምማኑ ኣወንታዊ ጽልዋ ከም ዝህልዎ'ዩ ዝሕበር። ኣትሌት መርሃዊ መብራህቱ፡ ኣብዚ ናይ 10 ሽሕ ሜትር ናይ ኦሎምፒክ ውድድር፡ ማልያ ሃገራዊት ጋንታ ኤርትራ ወድዩ ዝኣቱ እንኮ ኤርትራዊ ኣትሌት'ዩ። ውድድር 10 ሽሕ ሜትር ኦሎምፒክ ፓሪስ፡ ጽባሕ ብኣቆጻጽራ ሰዓት ሃገርና ሰዓት 10:20 ምሸት'ዩ ክካየድ።

## ማን ዩናይትድ፡ ብመጉዳእቲ ዮሮ ትሻቐል

እንግሊዛዊት ክለብ ማን ዩናይትድ፡ ብመጉዳእቲ ሓዳሽ ኣባላ ሊኒ የሮ ተሸቑሪራ ምህላዋ ተሓቢሩ።

እዚ ወዲ 18 ዓመት ተኸላኻሊ፡ ዝሓለፈ ቀዳም ብኣርሰናል 2-ብ1 ኣብ ዝተሰዓረሉ ጸወታ እዩ፡ ብሰሪ መጉዳእቲ ኣብ ቀዳማይ እብረ ተቐዪሩ ክወጽእ ተቐሲቡ። ኣቡታ መጉዳእቲ ዘጋጠመታ ጺጋመይቲ እግሩ ከኣ መከላኸሊ ጫማ ለቢሱን ምርኩስ ተደጊፉን ኣብ መለማመዲ ማእከል ክለቡ ብምርኣዩ፡ መጉዳእቱ ከቢድ ከይከውን ተሰጊኡ ኣሎ።

ዝሓለፈ 18 ሓምለ - ብ52 ሚልዮን ፓውንድ ካብ ሊል ናብዛ ጋንታ ዝተጸምበረ የሮ፡ ቀዳመይቲ ጸወታኡ ድሕሪ 11 መዓልታት ምስዮጊኡ ኣንጻር ሬንጀርስ ኣካዪዱ። ኣብ ካልኣይቲ ጸወታኡ ኣንጻር ኣርሰናል ብዘጋጠሞ መጉዳእቲ ግን፡ ዩናይትድ፡ ቀዳም ምስ ሊቨርፑል ኣብ እተካይዶ ናይ ምሕዝዛት ጸወታ ክኸስራ ምኳኑ ይግለጽ።

እንተኾነ፡ እቲ ዝዓበየ ስግኣት፡ ሰሪዚ ማህረምቲ፡ ንምጅማር ዓመተ-ስፖርት 2024-25 ከይክስር እዩ። ዛጊት ግን፡ ክሳብ መዓስ ካብ ጸወታ ክእለ ምኳኑ ኣይተፈልጠን ዘሎ። ዝኢ እቲ ጻሪ ዘሎ ዩናይትድ ከኣ፡ ሎሚ ሓሙስ ብመግዲ መግለጺ ዓላሚኣ ኤሪክ ተን ሃግ ክትሕብር ትጸቢት ይግበረሉ።

ዝመጽእ 16 ነሓሰ ንዝልሃም ዓዲማ ንሓዳሽ ዓመተ-ስፖርት ፕሪመር ሊግ እትምውሶ ዩናይትድ፡ ቅድሚ'ዚ ጸወታ፡ ቀዳም 10 ነሓሰ ምስ ኋል ከተማኣ ማን ሲቲ ኣብ ግጥም ኮሙኒቲ ሽልድ ክትጽመድ እያ። ቅድሚ ሰሙን ምጅማር ፕሪመር ሊግ ዝካየድ ናይ ዋንጫ ጸወታ ኮሙኒቲ ሽልድ፡ እተን ናይ ዓሚ - ዕውትቲ ፕሪመር ሊግን ዕውትቲ ኤፍኤ ካፕን ዘካይዳኦ ግጥም እዩ። ዝሓለፈ ወቕቲ ሲቲ ንፕሪመር ሊግ፡ ዩናይትድ ንጽዋእ ኤፍኤ ካፕ ምልዓለን ይዝከር።



### መደብ ጸወታ

ሎሚ

ሱፐር ዲቪዥን 'ኤ' ዞባ ማእከል

ኩባንያ ሰገን - ኩባንያ ሰምበል 12:00 ድ.ቀ

ኣዱሊስ - ገዛ ጥንዳ 2:00 ድ.ቀ

ደንደን - ኣስመራ በራ 4:00 ድ.ቀ

## ኦሎምፒክ 2024፡ ዛጊት እተን ዝበዝሐ መዳልያታት ወሲደን ዘለዋ 10 ሃገራት

| | ወርቂ | ብሩር | ነሓስ | ድምር |
|---|---|---|---|---|
| 1. ቻይና | 8 | 6 | 2 | 16 |
| 2. ጃፓን | 7 | 2 | 4 | 13 |
| 3. ፈረንሳ | 6 | 9 | 6 | 21 |
| 4. ዓባይ ብሪጣንያ | 6 | 6 | 5 | 17 |
| 5. ኣውስትራልያ | 6 | 4 | 2 | 12 |
| 6. ደቡብ ኮርያ | 5 | 3 | 3 | 11 |
| 7. ሕ.መ.ኣመሪካ | 4 | 12 | 11 | 27 |
| 8. ኢጣልያ | 3 | 5 | 4 | 12 |
| 9. ካናዳ | 2 | 2 | 2 | 6 |
| 10. ጀርመን | 2 | 0 | 1 | 3 |

* ልዕሊ'ታ ቀዳመይቲ ዘላ ቻይና፡ ብድምር ብዙሐ መዳልያታት፡ ኣመሪካን ብሪጣንያን ኣለወን። እንተኾነ፡ ድሕሪኣ እየን ተሰሪዐን ዘለዋ። ምኽንያት፡ ወርቂ ልዕሊ ብሩርን ነሓስን ቀዳምነት ስለዝወሃቦ፡ እቲ ስርርዕ በታ ዝበዝሐ ወርቂ መዳልያ ዝወሰደት እዩ ዝጅመር።

### ደንደን፡ ናብ መሪሕነት ተመሊሳ

ናይ ደቂ ኣንስትዮ ጋንታ ደንደን ብቐዳም ብሰንኪ ዝናብ ዘቋረጸ ምስ ኩባንያ ሰገን ዝበረ ጸወታኣ ትማሊ ረቡዕ ቅድሚ ቀትሪ ኣካዪዳ ድሕሪ ምዕዋታ፡ ናብ መሪሕነት ተመሊሳ።

ደንደን ኣብ መበል 43 ደቒቕ ካብ ኣጥቃዒታ ፍቓዱ ጉዳሙ ብዘመዝገበታ ሸቶ ክትመርሕ እኳ ኣብ መበል 45 ደቒቕ ሄርሞን እዮብ ሸቶ ብምውሳኻ ከኣ፡ 2-ብ0 መራሒ ንዕረፍቲ ወጺኣ።

ኣብ ካልኣይ እብረ ዝተወሰኸ ሸቶ ብዘይምንባሩ ከኣ፡ ደንደን 2-ብ0 ተዓዊታ። ፍቓዱ ጉዳሙ፡ ብልጽቲ ተጻዋቲት ተባሂላ።

ዛጊት ደንደን ብ29 ክትመርሕ እኳ ኢንሹራንስ 27፡ ኩባንያ ሰገን 24፡ ገጀረት ብ18 ነጥቢ ይስዕብኣ። እዚ ውድድር፡ ድሕሪ ጽባሕ ቀዳም ሰምበል ምስ ጎዳይፍ፡ ኩባንያ ሰገን ከኣ ምስ ገጀረት ብዘካይድኦ ናይ መወዳእታ ግጥም ክቕጽል እዩ።

## ስፖርታዊ ውድድር እዚ ማእከል ቀጺሉ

ስፖርታዊ ውድድር እዚ ማእከል፡ ኣብ ዝሓለፉ መዓልታት ዝተፈላለዩ ውድድራት ኣካዪዱ ነይሩ።

ብቐዳም ኣብ ኩዕሶ ሰኪዕት ደቂ ኣንስትዮ፡ ጋንታ መርሃዊ ንከሎማ 25-ብ4፡ መርከብና ንዚምባል 89-ብ08፡ ናቕፋ ንዚላል 27-ብ11 ስዒረናአን። ኣብ ደቂ ተባዕትዮ ድማ፡ ናቕፋ ንዚላል 59-ብ39፡ ከሎማ ንመርሃዊ 47-ብ28፡ መርከብና ንዝራ 51-ብ47 ረቲዐናአን።

ብሰንበት ኣብ ዝተኻየደ ተመሳሳሊ ውድድር ናይ ደቂ ኣንስትዮ፡ ኣዱል ንብሪሸን ብዑቦላሊ ጸወታ 53-ብ16 ከተፋንዋ እንከሎ፡ መርሃዊ ንእምባሶይራ 35-ብ27 ስዒራታ። ኣብ ጸወታ ደቂ ተባዕትዮ ድማ፡ መረብ ንኣዱል ብጠፊሕ 101-ብ28 ኣፋንዩታ። ተጻዋታይ መረብ ናዝራዊ ሙሉጌታ 37 ነጥቢ ብምምዝጋብ ኣብ ዓወት ጋንታኡ ልዑል ተራ ተጻዊቱ። ከሎማን እምባሶይራን ኣብ ዘካየዳኦ ጸወታ ድማ፡ ከሎማ 57-ብ53 ስዒራ።

ብዘይካ'ዚ ኣብታ ሰሙን ኣብ ዝተኻየደ ጸወታ ቸዝ፡ ሰላማዊት መልኣከ ካብ ናቕፋ ሽዱሽተ ነጥቢ ብምእካብ ቀዳመይቲ ብምዃን ተዓዊታ። ማክዳ ኤርምያስ ጋንታ ደምሒና፡ የርሳሌም ኣማኑኤል ካብ እምባሶይራ ከኣ ካልኣይን ሳልሳይን ደረጃ ሒዘን።

ኣብ ደቂ ተባዕትዮ፡ ተጻዋታይ ጋንታ መረብ ሳሙኤል መርሃዊ ብሸውዓተ ነጥቢ ቀዳማይ ኮይኑ ተዓዊቱ፣ ሳይሞን ዳኒኤል ካብ መርከብና፡ ሻም ኣብራሃም ካብ ዛራ ድማ ሰዒቦሞ።

ኣብ ባድሚንተን ዕውታት ዝኾኑ ድማ፡ ኣብ ንጽል ጸወታ ደቂ ኣንስትዮ፡ ሰልቫና ኣብሰሎም ካብ ከሎማ፡ ትምኒት ያቆብ ካብ ሂላል፡ ሰኒት ሕድሪማርያም ካብ ናቕፋ ቀዳሞት ሰለስተ ክኾና እንከለዋ፡ ሳይሞን ኣማኒኤል ጋንታ ናቕፋ፡ ቅዱስ ጺጋይ ካብ መረብ፡ ትኩእ ገብረኪዳን ካብ ከሎማ ድማ፡ ኣብ ተመሳሳሊ ውድድር ተዓዊቶም።

ኣብ ሕውስዋስ ሳይሞን ኣማኒኤልን ሳሮን ወልደኣብን - ናቕፋ፡ ትኩእ ገብረኪዳንን ሰሊያና ኣብሰሎምን - ከሎማ፡ ቅዱስ ጺጋይን ሊያ ፍስሃን - መረብ ዕውታት ኮይኖም።

ኣብ ጸወታ ባድሚንተን፡ ማናቱ ኣሕዋት ጋንታ ከሎማ ሰልቫና ኣብሰሎምን ሰሊያና ኣብሰሎምን ዘርኣየኦ ምንቅስቓስ ዝኣደ ምንባሩ፡ ንሽግሽን ሓበሬታን ናይ'ቲ እዚ ሓቢሩ።

# ዜና ወጻኢ

ሚርያም ኣብርሃም

## ኢራን - ላዕለዋይ በዓል-መዚ ሓማስ ተቐቲሉ

ላዕለዋይ ሓላፊ ፖለቲካዊ ጉዳያት ሓማስ እስማዒል ሃኒያ፡ ኣብ ቴህራን - ኢራን ከም እተቐትለ ማዕከናት ዜና ኣቃሊሐን።

ሓማስ ብረብሐ ኣብ ዘውጽኦ መግለጺ፡ እስማዒል ሃኒያ ኣብ ቴህራን ኣብ ዝርከቦ መንበሪ ገዝኡ - እስራኤል ብዝፈጸሞ መጥቃዕቲ ከም እተቐትለ ሓቢሩ።

ምንጭታት ኢራን እውን ሃኒያ ኣብ ከተማ ቴህራን ኣብ ዝተኻየደ ስነስርዓት ቃለ-መሕላ ሓድሽ ፕረዚደንት ኢራን ማስዑድ ፐዘሽኪያን ድሕሪ ምስታፉ ኣብ መንበሪ ገዝኡ ከም እተቐትለ ገሊጾም።

ሓለዋ ሰውራ ኢራን እቲ ቅትለት - ብመንን ብኸመይን ከም እተፈጸመ ጽዑቕ መርመራታት የካይድ ከም ዘሎ ኣፍሊጡ ኣሎ።

ብተመራሒ ቦምብ ከም እተፈጸመ ዝጠቐሱ



ምንጭታት ኢራን ብእስራኤል ከም እተኻየደ ዝሕብር ኣሰራት ከም ዘሎ ኣረጋጊጾም። ኢራን - ደም ሃኒያ ብሕሽ ተኻሕዩ ከም ዘይተርፍ ፈኪራ ኣላ። ናይ ሰለስተ መዓልቲ ሓዘን እውን ኣዊጃ።

ሓማስ እውን ሕነ ላዕለዋይ መራሒኡ ንምፍዳይ፡ ተሪር ግብረ-መልሲ ከም ዝህብ ኣጠንቂቑ ኣሎ። እንተኾነ ብወገን እስራኤል ኑቲ ክሲ ዝምልከት፡ ዛጊት ዝኾነ ሓበሬታ የለን።

ዝሓለፈ ሚያዝያ፡ ንእስማዒል ሃኒያ - ሰለስተ ደቁን ኣርባዕተ ደቂ-ደቁን እስራኤል ኣብ ቓዛ ብዝፈጸሞ ደብዳብ ከም እተቐትልዎ ዝዝከር እዩ።

እዚ ከም’ዚ ኢሉ እንከሎ፡ እስራኤል ኣብ ከተማ በይሩት-ሊባኖስ፡ ንሓደ ላዕለዋይ ኣዛዚ ሕዝቦላህ ዒላማ ዝገበረ ደብዳብ ከም ዝፈጸመትን፡ ፎኣድ ሽኩር ዝተባህለ ኣዛዚ ከም እተቐትለን፡ ሚኒስትሪ ምክልኻል እታ ሃገር ኣፍሊጡ።

ኣብ’ቲ ናይ ኣየር መጥቃዕቲ፡ ክልተ ስላማውያን ሰባት ክሞቱ እንከለዉ፡ ልዕሊ 20 ብከቢድ ቁሲሎም ከም ዘለዉ እውን ተሓቢሩ።

እስራኤል፡ እቲ ላዕለዋይ ኣዛዚ ቀንዲ ሓንዳሲ ናይ’ቲ ዝሓለፈ ዓርቢ - ኣብ ‘ጎቦታት ጎላን’ ዝተኻየደን ህይወት 12 ሰላማውያን ሰባት ዝቐዘፈን መጥቃዕቲ ሮኬት ምንባሩ እያ እትገልጽ።

እስራኤልን ምንቅስቓስ ሕዝቦላህን፡ ንኣዋርሕ ዝቐጸለ ናይ ሮኬትን ድሮንን መጥቃዕትታት ከም እተለዋወጡ ዝጠቐሱ ጸብጻባት፡ ብሰንኩ ኣብ ዶባት ክልቲኤን ሃገራት ዝርከቡ - ልዕሊ 200 ሽሕ ሰባት መንበሪ ኣባይቶም ሓዲጎም ከም ዝተሰናበዱ ኣረጋጊጾም።

## ኣመሪካ፡ ‘ኤፍ 16’ ዝዓይነተን ነፈርቲ ውግእ ናብ ዩክሬን ትልእኽ

ኣመሪካ፡ ብዓሰርተታት ዝቑጸራ - ኤፍ 16 (F-16) ዝዓይነተን ናይ ውግእ ነፈርትን ካልእ ዘመናዊ ኣጽዋርን ናብ ዩክሬን ከም እትልእኽ ጋዜጣ ዋሽንግተን ፖስት ኣብ ዝርገሖ ሓበሬታ ገሊጹ።

ብመሰረት ጸብጻብ ዋሽንግተን ፖስት፡ ‘ሃርፑን ኣምኣርም’ ዝዓይነቱ ዝተራቐቐ ሚሳይላት እውን ናብ ዩክሬን ክኣቱ እዩ።

ዩክሬን ንሓያል ኣዋርሕ ኑተን ኤፍ 16 ዝዓይነተን ነፈርቲ ውግእ ንምውናን ሓገዝ ክትሓትት ምጽናሓ ዝጠቐሱ ጸብጻባት፡ ሓይሊ ኣየር እታ ሃገር ኣብ ኢዱ ዝጸንሓ ናይ ውግእ ነፈርቲ፡ ኣብዚ እዋን’ዚ ኣብ ስራሕ ከም ዘየለዋ ምሕባሩ የረድኡ።

ዴንማርክን ኔዘርላንድስን እውን ኣብ ዝመጽእ ሰሙናት ናብ ዩክሬን ተመሳሳሊ ኤፍ-16 ዝዓይነተን ናይ ውግእ ነፈርቲ ክልእኻ ምዃነን ገሊጸን ኣለዋ።

ፕረዚደንት ዩክሬን ቮሎድሚር ዘለንስኪ፡ ሃገሩ ኑቲ ዓርሞሽሻዊ ሓይሊ ኣየር ሩስያ ንምግጣም - ተወሳኺ 128 ነፈርቲ ውግእ ከም ዘድልያ እዩ ከምሕጸን ጸኒሑ።



ሩስያ፡ ኣብ ዝሓለፈ እዋናት፡ ካብ ሃገራት ምዕራብ ናብ ዩክሬን ዝለኣኽ ዘመናዊ ኣጽዋር ከተሃንዎ ምጽንሓ ዝጠቐሱ ምንጭታት፡ እዚ ሓድሽ ኣጽዋር’ውን ተመሳሳሊ ዕጫ ይጽበዮ ከም ዘሎ የጠንቅቑ።

ሃገራት ምዕራብ ንዩክሬን ዝህባኦ ዘለዋ ዘይተኣደነ ወተሃደራዊ ሓገዛት፡ ሩስያ ወተሃደራዊ ዒላማታታ ንምውቃዕ ከም ዘይክልክላ ዝጠቐሰ ኣምባሳደር ሩስያ ኣብ ውድብ ሕቡራት ሃገራት፡ እቲ ብምዕራባውያን ዝግበር ዘሎ ደገፍ ኑቲ ኣብ ዩክረይን ዘሎ ውግእ የናውሖ ከም ዘሎ፡ ኣብ መንጎ ኪዳን ሰሜን ኣትላንቲክኔቶን ሩስያን ቀጥታዊ ግጭት ንምውላዕ ዝደፋፍእ ምዃኑ የገንዝቡ።

ካብ መጀመርያ ወርሒ ጥሪ 2022 ኣትሒዘን ኣመሪካ ዝመራሒተን ሃገራት ምዕራብ - ልዕሊ 380 ቢልዮን ዶላር ዝዋጋኡ ወተሃደራዊ ሓገዝ ንዩክሬን ከም ዝሓገዛኣ ጸብጻባት ይጠቕሱ።

## ካሊፎርንያ - ጠንቂ ባርዕ ጫካ ዝኾነ ጥርጡር ተታሒዙ

ኣብ ካሊፎርንያ ናይ ዝተኸሰተ - ልዕሊ 370 ሽሕ መሬት ዝሓመኸ ባርዕ ጫካ ዘበገሰ ሰብ፡ ኣብ ትሕቲ ቀይዲ ፖሊስ ከም ዝኣተወ ተገሊጹ።

እቲ ወዲ 42 ዓመት ዝኾነ ሮኒ ስቶት ዝተባህለ ኣመሪካዊ ትቃጸል ንዝነበረት ማኪና ናብ’ቲ ኣግራብ ዝበዝሖ ገደል ስለዘጽደፋ እዩ - ኑቲ ባርዕ ጫካ ከም ዝበገሶ ተኸሲሱ ዘሎ።

ንሱ ኑታ መኪና ናብቲ ጫካ ድሕሪ ምጽታው፡ እቲ ባርዕ ከም ዝጀመረን ኣብ ካሊፎርንያ ከቢድ ኣከባብያዊ ዕንወት ወሪዱ ከም ዘሎን እዩ ዝሕበር።

ብቲ ኣብ ካሊፎርንያ ተኸሲቱ ዘሎ ሓደጋ፡ ዛጊት ልዕሊ 109 ኣባይቲ ከም ዝዓነዉ፡ ልዕሊ 8000 ሰባት ካብ ቤት-ንብረቶም ከም እተመዛበሉን ጸብጻባት የጽንዑ።

ኣብ ምዕራባዊ ክፋል ካሊፎርንያ፡ ልዕሊ 100 ሓደጋታት ባርዕ መሮር ተመዝጊቡ ከም ዘሎን፡ ካብኡ እቲ 12 ሚእታዊት ጥራይ ኣብ ትሕቲ ቁጽጽር ክኣቱ ከም ዝኸኣለን እዩም - ሰበ-መዚ እታ ክፍለ-ሃገር ዝገልጹ።

ብመሰረት ጸብጻባት፡ ኣብ ዝሓለፈ ዓሰርተ ዓመታት ኣብ ካሊፎርኒያ፡ ሓደጋታት ባርዕ ጫካ ብዘስዓቦ ብከላ ኣየር፡ ብውሕዱ 52 ሽሕ ሰባት ሞይቶም።



## ህንዲ - ብምህማም መሬት ዝሞቱ ሰባት ልዕሊ 150 በጺሖም

ኣብ ክፍለ-ሃገር ኬራላ - ህንዲ፡ ብርቱዕ ዝናብ ብዘስዓቦ ሓደጋ ምህማም መሬት ናይ ዝሞቱ ሰባት ቁጽሪ ናብ ልዕሊ 150 ከም ዝበጽሐ ማዕከናት ዜና ኣቃሊሐን።

ካልኦት ልዕሊ 180 ሰባት ደሃዮም ጠፊኡ ብምህላዉ እውን፡ ቁጽሪ መውትቲ ክዛይድ ከም ዝኽእል ስግኣታት ኣሎ።

ካብ’ቲ ሓደጋ ኣሰታት ሓደ ሽሕ ሰባት ከም ዝደሓኑ ዝጠቐሱ ሰበ-መዚ ሲቪላዊ ድሕነት ህንዲ፡ ኑቶም ደሃዮም ጠፊኡ ዘሎ ሰባት ንምድሓን ኣብቲ ከባቢ ልዕሊ 200 ኣባላት ኣዋፊሮም ከም ዘለዉ ገሊጾም።

ዝሓለፈ ሰሉስ ብዘዘረመ ብርቱዕ ዝናብ፡ ኣብታ ቀንዲ መስሕብ በጻሕቲ ዝኾነት ክፍለ-ሃገር ኬራላ፡ ከቢድ ትሕተ-ቅርጻዊ ዕንወት ከም ዘውረደን ኑተን ብ’ቲን ካርዳሞምን ዝጸዋዓ ዓድታት ዘራኽብ ድልድል’ውን ከም ዝፈረሰን ተፈሊጡ።

እዚ ሕጂ ኣብታ ክፍለ-ሃገር ተኸሲቱ ዘሎ ሓደጋታት ዕልቕልቕ፡ ድሕሪ’ቲ ኣብ 2018 ኣብታ ክፍለ-ሃገር ዝተኸሰተ፡ ልዕሊ 400 ሰባት ዝቐተለ ተመሳሳሊ ሓደጋ እቲ ዝኸፍኣ ምዃኑ እዩ ዝሕበር ዘሎ።

ኣብ’ቲ ከባቢ ብዘፈርቲ ኮናበር ዝጀመረ ሓገዛት፡ ብሰንኪ ብርቱዕ ዝናብ ይተዓናቐፍ ምህላዉ እውን ተገሊጹ።

ብሰንኪ’ቲ ዝቐጸለ ዘሎ ብርቱዕ ዝናብ፡ ኣብ 10 ዞባታት ዝርከብ ኣብያተ-ትምህርትን ኮሌጃትን ከም እተዓጽዋ ተፈሊጡ።

ቀዳማይ ሚኒስተር ህንዲ ናረንድራ ሞዲ፡ ንስድራ ግዳያት ንነፍሲ-ወከፎም - ናይ 200 ሽሕ ሩፒ ሓገዝ ክወሃብ ኣዚዙ ኣሎ።




## ደ.ሪ.ኮንጎ - ብፍንጣጣ ህበይ ልዕሊ 470 ሰባት ሞይቶም

ኣብ ደሞክራሲያዊት ረፓብሊክ ኮንጎ፡ ኣብዚን ዝሓለፉ ሽዱሽተ ኣዋርሕ ልዕሊ 470 ሰባት ብሕማም ፍንጣጣ ህበይ (monkey pox) ከም ዝሞቱ፡ ሚኒስትሪ ጥዕና እታ ሃገር ገሊጹ።

ብመሰረት ጸብጻባት ጥዕና፡ እቲ ሕማም ካብ እንስሳ ናብ ሰብ ክሓልፍ ዝኽእል እዩ። ከም’ኡ’ውን በዚ ካብ ሰብ ናብ ሰብ ብጥፍጣፍን ዝተበከሉ ነገራት ብሓባር ብምጥቃምን ዝሰዓብ ሓደገኛ ሕማም፡ ኣብ ደ.ሪ.ኮንጎ፡ ካልኦት ልዕሊ 12,300 ሰባት ተለኺፎም ከም ዘለዉ፡ እቲ ሚኒስትሪ ወሲኹ ኣረዲኡ።


ኣብ ረፓብሊክ ማእከላይ ኣፍሪቃ፡ እቲ ሕማም ብዘኸፍኣ መልክዑ የስፋሕፍሕ ከም ዘሎ ዝጠቐሱ ጸብጻባት፡ ኣብታ ሃገር ህጹጽ ድንጋገ ከም እተኣወጀ ሓቢሮም።

ኣብ ርእሰከተማ ረፓብሊክ ማእከላይ ኣፍሪቃ ዝኾነት ከተማ ባንጉይ እውን እቲ ሕማም ተረኺቡ ብምህላዉ፡ ነበርቲ’ታ ከተማ ካብ መኻሓታት ክሕለዉ ሚኒስትሪ ጥዕና እታ ሃገር ጸዊዑ።

ቀንዲ ምልክታት ፈንጣጣ ህበይ - ረስኒ፡ ኣብ ዝተፈላለዩ ክፍሊ ኣካላት ዝረአ ቁስሊ፡ ቃንዛ ጭዋዳታት. . . ምዃኑ ክኢላታት ሕክምና ይሕብሩ።

ኣብ ርዋንዳ፡ ብሩንዲን ደቡብ-ኣፍሪቃን እውን እቲ ሕማም ክረአ ጀሚሩ ከም ዘሎ እዩ ዝግለጽ ዘሎ።

ኣብ 2022፡ ፍንጣጣ ህበይ ኣብ ኤውሮጳ፡ ኣውስትራልያን ሕቡራት መንግስታት ኣመሪካን ተረኺቡ ምንባሩ ጸብጻባት የመልክቱ።




| ተረኛ ፋርማሲ | ዕለት | ኀደና | ቁ.ስልኪ |
| --- | --- | --- | --- |
| ፋርማሲ ሰላማዊ | 1/08/2024 | ኀደና ሮራ መንሳዕ ቁ. ገዛ 19 ፊት ፋብሪካ ሚዛን ኢያሱ | 07463110 |
| | ፋርማሲ ቁ.1 መዓልታውን ለይታውን ኣገልግሎት ትህብ | ቁ.ቴሌፎን 127565 | |

Sabur Printing Services